

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.46 | ዓርቢ 24 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ምኽልኻል ጸጸር ኩሊት ብኣመጋግባ


ገጽ 3
ኣመሪካን ኣውስትራልያን፡ ኣብ ብርቂ ማዕድናት. . .


ገጽ 4
ኣብ ሕሳብ ምትሕሳብ


ገጽ 5
ኣፍሪቃ፡ ምስ ዘወናውን ጸጋታታ፡ ግዳይ ገናዙ ዝኾነት ኣህጉር


ገጽ 11
ፊፋ፡ ስልጠና መንእሰያት ደያኑ ኩዕሶ እግሪ ይህብ


## ብምኽንያት መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ መድረኽ ዘተ ተወዲቡ



ስእሊ. ኣብርሃም በየነ




ብምኽንያት መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ “ርእሰምርኮሳን ሽርክነትን - ተመክሮ ኤርትራን ዓለማዊ ጸልዋኡን” ብዝብል ኣርእስቲ ዝተወደበ መድረኽ ዘተ፡ ብ22 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ተቓኒዑ።

እቲ ወከልቲ ሚኒስትሪታት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ሓለፍትን ወከልትን ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡ’ውን ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲኛታትን ዝተረኽቡሉ ዘተ፡ መረዳእታ መትከል ርእሰምርኮሳ ኤርትራ ብመንጽር ህንጻት ሃገርን ጥሙር ልምዓታዊ መደባትን ንምዕዛዝ፣ መላግቦ ርእሰምርኮሳ ኤርትራን መትከላት ሕቡራት ሃገራትን ንምርኻብ፣ ከምኡ’ውን ተመክሮ ኤርትራ ንኻልኦት ሃገራት ንምልላይ ዝዓለመ’ዩ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ኤርትራ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዛ እትኽተሎን እትዓቀሉን መትከል ርእሰምርኮሳ፡ መርኣያ ዘላቒ ምዕሩይን ኣብ ሃገራዊ ቀዳምነታት ዝተሰረተን ዝምድናታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምንኣስ ዘቤታዊ ጸጋታት፡ ዋና ልምዓታዊ መደባትካ ምዃን ህዝቢ ዝሰረቱ ምዕባለ ምርግጋጽ፡ ሓባራዊ ሽርክነት ምምዕባል፡ ከምኡ’ውን ንዋሕ ዝጠመተ ራእዩ ስለዘጠቓልል፡ ንኻልኦት ከም ተመክሮ ከገልግል ከምዘኽእል ገሊጹ።

ርእሰምርኮሳን ሽርክነታዊ ዝምድናታትን ተሳንዩ ክኸይድ ከምዘኽእል - ኤርትራ ኣብነት ከምዝኾነት ዝጠቐሰት ሚስ ናህላ፡ እቲ ኣጋጣሚ - መበጽዓና ንሰላም፡ ክብረት፡ ዘላቒ ልምዓትን ሓባራዊ ድልውነትን ደገምና እነረጋግጸሉ ምዃኑ ኣዘኻኺራ።

ኣብ’ቲ ብዳይረክተር ቤት-ጽሕፈት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ረዳእ ተስፋልኡል፡ ኣምባሳደር ግዝኢ ኣሰይድ ሓትም ኣልዓጠዊ፡ ዳይረክተር ኣህጉራዊ ማዕከን ሕርሻዊ ልምዓት ዶ/ር ካሮላይን ምዎንጌራ፡ ከምኡ’ውን ኣምባሳደር ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ኤርትራ ሚስ ጆዋና ደርማኒን ዝተመርሐ ዘተ፡ ብመትከል ርእሰምርኮሳ ዝምእዘን ሽርክነታዊ መደባት ኤርትራ ዝምስገን ኣኼባ የመዘዮብ ከምዝሎ ተገሊጹ።

ተዛተይቲ ወሲኾም፡ ሽርክነታዊ መደባት ንጽላታዊ ቀዳምነታት ኤርትራ ከኽብርን ምስኡ ክሰምም፡ ከምኡ’ውን ብመንጽር ምስምማር ሽቶታት ዘላቒ ልምዓት ክሰርሓሉ ዝብል ሓሳባት ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ መድረኻት ቅኑዕ ምስሊ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዘጉልሕ ስለዝኾኑ፡ ብቀጻሊ ተገምጊሙ ቀጻልነት ክህልዎ ተላቢዮም።

## ኣባላት ሃማደኤ ለንደን (ዓባይ ብሪጣንያ) ጉባኤ ኣቃኒዖን

ኣባላት ኣርባዕተ ንኡስ ጨናፍር ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ከተማ ለንደን - ዓባይ ብሪጣንያ፡ ብ19 ጥቅምቲ ጉባኤአን ኣቃኒዐን።

ኣብ’ቲ ብሓለፍቲ ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ኤውሮጳ ተማእኪሉ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ ኣስታት 100 ኣባላት ከምእተሳተፋ፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃማደኤ ንኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ኣብ ምንቃሕን ምስልጣንን፣ ማዕርነተን ብስራሕን ተሳታፍነትን ኣብ ምርግጋጽ፣ ከምኡ’ውን ውድባውን ሃገራውን መደባት ኣብ ምዕዋት ዝተጻወቶ ተራ ልዑል ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ተወልደ ኣስዒቡ፡ ኣብ’ዚ እዋን ዘሎ ስትራተጂያዊ ዕላማታት፡ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ መንነቶም ክዕቅቡን ንቕሓቶም ከበርኹን፣ ሓድነቶም ብምዕቃብ ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር ከደንፍዑ፣ ኣብ ህንጻትን ምኽባር ልኡላውነትን ሃገሮም እጃሞም ከበርክቱ፣ ከምኡ’ውን ብትምህርቲ፡ ሞያ፡ ቁጠባን ማሕበራዊ ሂወትን ዕዉታት ንክኾኑ ከምዝሰርሑ ብምብራህ፡ ሃማደኤ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ብንቕሓት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ተወልደ ኣስዒቡ፡ ተሳተፍቲ ጉባኤ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝተገበርኦ ስርሓትን ዘጋጠምኦ ጸገማትን ብዕቱብ ብምግምጋም፡ ናይ ዝመጽእ ክልተ ዓመት ውድባዊ መርሓ ጎደና ክሕንጽጻ ተላቢዩ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ወ/ሮ ሰናይት ሃይለ ብወገና፡ ተሳተፍቲ ኣብ ውሽጣዊ ዓንደ-ሕጊ ሃማደኤ ዞባ ኣውሮጳ ዘለወን ኣፍልጦ ንምብራኽን ኣብ ጉባኤአን ክጥቀማሉን ዝዓለመ ሓበሬታ ሂባ።





ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ሸማግለ ኣቶ ኣሕመድ ማሕሙድን ኣቦ-መንበር ህግደፍ ንኡስ ጨንፈር ከተማ ለንደን ኣቶ ሓድጉ ዑቕባሚካኤልን ድማ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣሰሚዖም።

ኣብ መወዳእታ፡ ተሳተፍቲ ብኣካይዳ ኣካላት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ምዝታይ፡ ንዝመጽእ ክልተ ዓመት ዘገልግላ ኣካየድቲ መርጸንን ሓጋዚ እማመታትን ለበዋታትን ኣመሓላሊፈን።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን ኣብ ዘካየዶ መንፈቓዊ ኣኼባ፡ ዘሰላሰሎ መደባት ብምግምጋም ኣብ ናይ መጻኢ ውጥን ስራሕ ዘቲዩ።

ኣደ-መንበር ጨንፈር ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ንህልው ኩነታት ሃገርናን መደባት መኸተን ብመንጽር ዲፕሎማስያዊ ምዕባለታትን ዓለማዊ ኩነታትን መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ጨንፈረን ውዳበኡ ንምሕያልን ንምስፋሕን ዝካየድ ጎስጓስ ክቕጽል፣ ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ምህርቲ ኣፋምፖ ንምዕዋት ድማ ብዝሓየለ ክስራሕ ኣዘኻኺራ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጀርመን ኣቶ ጠዓመ ሃይለ ብወገኑ፡ ብዛዕባ መዐቀኒታት መሪሕነትን ብቑዓት መራሕቲ ደቀኣንስትዮ ንምፍራይ ክካየድ ዘለዎ ጻዕርን ኣስተምህሮ ሂቡ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምክልኻል ጸጸር ኩሊት ብኣመጋግባ

ጸጸር ኣብ ኩሊት፡ ተረር ከም ጸጸር ዝመስል ንእሽቶ ዕንኳር ኣብ'ታ ኣካል ምስ ዝፍጠር ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እቲ ጸጸር ዝመስል ዕንኳር ካብ ካልሽዩም፡ ፖታሽዩም፡ ሽንታዊ ኣሲድ (ዩሪክ ኣሲድ) ወዘተ ካብ ዝተባህሉ ኬሚካላዊ ውህደት ክፍጠር ይኽእል።

ጸጸር፡ ፈለማ ኣብ ኩሊት እዩ ዝፍጠር። ቀስ ኢሉ ግና ናብ ካልእ ምስ ኩሊት ዝተኣሳሰር ክፍልታት ሰብነት ብምኻድ ክምዕብል ይኽእል። እቲ ዕንኳር ጸጸር፡ ወጺኡ ካብ ኩሊት ኣብ ውሽጢ መሸንቶ (ureters)፡ ኣብ ፍሕኛ ሽንቲ (bladder)፡ ኣብ መትረብ ሽንቲ (urethra) ክምዕብል ይኽእል።

ጸጸር ኩሊት ንምሕካሙ ኣዝዩ ኣቐንዛዊ ሕማም እዩ። ጠንቂ ናይዚ ሕማም፡ ከም ዓይነት ናይቲ ማዕበሉ ዘሎ ዕንኳር ይፈላለ።

ኣብ ውሽጢ ኩሊት ዝፍጠር ጸጸር፡ ካብ ጥዕና ኩሊት ሓሊፉ ንኹሉ ስርዓት መትረብ ሽንቲ እዩ ዝጸልእ። እቲ ሕማም ኣቐንዛዊ/ ኣሰቓቒ ኮይኑ፡ ኣብ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ምሕር ቃንዛ ይፈጥር፡፡ ዕግርግር ምባልን ተምላሰን፡ ረስኒ ከምኡ'ውን ደም ዝተሓወሶ ሽንቲ ገለ ካብቶም ምልክታቱ እዮም።

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል፡ ብሕማም ጸጸር ኩሊት ንኸይትጥቃዕ ኣብ ምክልኻል ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

ንቕጽተ-ሰብነት፡ ከሰዕ ምኳን፡ ጥዕና ዘይብሉ ኣመጋግባ ምዝውታር፡ ብዙሓት መድሃኒታት ምውሳድ፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ሽኮርን ገለ ካብቶም ብሕማም ጸጸር ኩሊት ክትጥቃዕ ዝለዓለ ተኽእሎታት ዘዘይዱ ጠንቅታት ተባሂሎም ይጥቀሱ። ጸጸር ኩሊት ኣዘውቲርና ብእንዝምገቦም መግቦታት'ውን ይምዕብል እዩ። ኣብ ኣመጋግባ ጥንቁቓት ብምኳን ነዞም ተኽእሎታት እዚኣቶም ኣጉዲልና ካብ'ቲ ሕማም ክንከላኸል ይከኣል እዩ። ስለዚ'ውን ጥዕና ኩሊት ንምሕላው ክንወስዶም ዘይግብኡና መግብታት ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡

ክንኣልዮም ዝግብኡና መግብታት

• ልዑል 'ኦክሶሌት' (oxalate) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ካብ ምምጋብ ምቁጣብ፡ እዚ ዓይነት ኬሚካላዊ ውህደት'ዚ ኣብ ስፒናቹ፡ ምቁር ድንሽ፡ ፋሉ፡ ቾኮሌት ዝኣመሰሉ መግብታት ብብዝሒ ይርከብ። እዞም ዓይነት መግብታት ክንወስዶም ምስ ዘድልየና ድማ፡ ምስ ትሕዝቶ ካልሽዩም ዘለዎም መግብታት ክንወስዶም እዩ ዝምከር። ምኽንያቱ እቲ ጸጸር ኩሊት ከማዕብል ዝኽእል 'ኦክሶሌት' ዝተባህለ ኬሚካላዊ ትሕዝቶኦም ክጎድል ወይ ክጠፍእ ስለ ዝኽእል።

• ንወስዶ መጠን ጨው ምጉዳል፡ ጨው ብብዝሒ ክንወስድ እንተኾንና ኣብ መትረብ ሽንቲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ኩሊት ድማ ብፍላይ ጸጸር ክኣኪብ ዝኽእል ተኽእሎ ከም ዘዘይዶ ዘይምዝንጋዕ።

• ካብ እንስሳታት ንረኽቦ ፕሮቲን፡ ከም ስጋ፡ ጸባን ወጽኢት ጸባ፡ ጸጸር ኩሊት ክምዕብል ዝለና ተኽእሎታት የዕብዩ እዩ።

• ልዕሊ ዓቐን ቫይታሚን 'ሲ' ምውሳድ ኣብ ጥዕና ኩሊት ልዑል ጉድኣት እዩ ዘውርድ። ከም ሳዕቤኑ ጸጸር ኩሊት ክም ዝፍጠር ስለ ዝዕብር፡ መዓልታዊ ኣብ እንወስዶ ቫይታሚን 'ሲ' ግቡእ ጥንቃቐ የድልየና።

• ዝተማስርሑ መግብታት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ - ብፍላይ ድማ ልስሉስ መስተን ተጠቢሶም ንእሉቱ ዝጻለዉ መግብታትን።

**ገለ ሓቅታት**

- ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸጸር ኩሊት እዮም ዘለዉ። ጸጸር ናይ ካልሽዩም እቲ ልሙድ ኮይኑ፡ 80 ሚእታዊት ግዳያት ጸጸር ኩሊት፡ ጸጸር ናይ ካልሽዩም ዘለዎም እዮም።

- ጸጸር ኩሊት ዝተፈላለየ ሕብሪ እዩ ዘለዎ። ዝበዝሑ ዓይነት ግና ብጫዊ ሕብሪ ይሕዙ።

- ዓቐን ጸጸረ ኩሊት ይፈላለ እዩ። ጸጸር ኩሊት ካብ ቦትኡ ክንቀሳቐስ እንከሎ፡ እቲ ዝፈጥሮ ቃንዛ ከም ዓቐኑ ይፈላለ፡ ገለኡ ክንዲ ዓይኒ ዓተር ዓቐን ክህልዎ እንከሎ፡ ሳሕቲ ዝርአ ድኣ ይኹን'ምበር ክሳብ ክንዲ ኩዕሶ ናይ ጎልፍ ዝግዝፉ'ም ጸጸር ኩሊት'ውን ኣለዉ።

- ዝበዝሑ ዓይነት ጸጸር ኩሊት ብኻልሽዩም ዝሰርሑ'ኳ እንተኾኑ፡ ካልሽዩም ብምውሳድና ዝመጽኡ ግና ኣይኮኑን። ጸጸር ኩሊት፡ ዝወሰድናዮ ብዙሕ ጨው ኑቲ ካልሽዩም ተመጺዩ ንኸይተርፍ ስለ ዝዕንቅጾ እዩ ዝፍጠር።

- ብብዝሒ ማይ ብምስታይ ካብ ጸጸር ኩሊት ክንከላኸል ይከኣል እዩ። 50 ሚእታዊት ግዳያት ጸጸር ኩሊት፡ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 2 ሊትሮ ማይ ብዘይ ምስታዮም ዝሓመሙ እዮም።

- ጸጸር ኩሊት ኣብ ግዜ ልዑል መቑት ኣየር ብብዝሒ ይኸሰት። እዚ ክኾነሉ ዝኽእል፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ወቕቲ ንንቕጽተ-ሰብነት ዝተቃላዕና ስለ ዝኾንና እዩ።

- 1 ካብ 10 ሰብ ኣብ ገለ እዋን ካብ ዕድመኡ ጸጸር ኩሊት የማዕብል።

- ሓንሳብ ሓንቲ ጸጸር ኣብ ኩሊት እንተኣማዕቢልካ፡ ካልኣይቲ ጸጸር ክትህልወካ ዘሎ ተኽእሎ ብ50 ሚእታዊት ዝሰፍሐ እዩ። እዚ ኑቲ ጸጸር ንምእላይ ግቡእ ክንክንን ፍወሳን ምስ ዘይትገብር እዩ።

**ዓይነት ጸጸር ኣብ ኩሊት**

ኩሎም ጸጸር ኩሊት ካብ ሓደ ዓይነት ዕንኳር (crystals) ኣይፍጠሩን እዮም። ገለ ካብቶም ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸጸር ኣብ ኩሊት ንምጥቃስ፦

**- ካልሽዩም (calcium)**

ጸጸር ናይ ካልሽዩም እቲ ልሙድ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 'ካልሽዩም ኦክሶሌት' (calcium oxalate) ዝተባህለ ማዕድን ክፍጠር እንከሎ፡ ካብ 'ካልሽዩም ፎስፌት' (calcium phosphate) እውን ክምዕብል ይኽእል እዩ። ነዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ 'ካልሽዩም ኦክሶሌት' ዘለዎም መግብታት ብውሑድ ዓቐን ብምውሳድና ክንከላኸሎ ንኽእል። ልዑል ትሕዝቶ 'ካልሽዩም ኦክሶሌት' ዘለዎም መግብታት ዝተቐልወ ድንሽ፡ ፋሉ፡ ቾኮሌት፡ ስፒናቹ ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣል።

ይኹን'ምበር፡ ጸጸር ኣብ ኩሊት ካብ ካልሽዩም ዝፍጠር'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መግቦኻ ምጡን ካልሽዩም ብምውሳድ፡ ጸጸር ኣብ ኩሊት ካብ ምፍጣሩ ክንከላኸሎ ከም እንኽእል ሓኪይም የመልክቱ።

- ሽንታዊ ኣሲድ (Uric acid)

እዚ ዓይነት ጸጸር ኩሊት ካብ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ይርኣ። ሕማም ሪሕ (gout) ኣብ ዘለዎም ሰባት ድማ ዝያዳ ይኽሰት። ኬሚካላዊ ፍወሳ (chemotherapy) ብዝበዝሒ ኣብ ዘካይዱ ሰባት'ውን ይርአ እዩ።

እዚ ዓይነት ጸጸር'ዚ ሽንትና ኣዝዩ ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ምስ ዝህልዎ እዩ ዝፍጠር። ኣብ መግቢ ዝርከብ ሕብሪ ኣልቦ ዝኾነ 'ፑሪን' (purine) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ውህደት ጠንቂ ምፍጣር ናይዚ ጸጸር'ዚ እዩ። 'ፑሪን' ኣብ ስጋ ዓሳ፡ ስጋ፡ ጸባ ወዘተ ይርከብ።

- ስትሩቫይት (Struvite)

እዚ ዓይነት ጸጸር ምስ ረኽሲ ስርዓት ሽንቲ ዝመጽእ ጸገም ኮይኑ ዝያዳ ንደቂ ኣንስትዮ የጥቅዖን። እዚ ጸጸር'ዚ ካብ ካልኦት ዓይነታት ብዕቕኑ ግዙፍ ዝበለ ኮይኑ ኣብ ስርዓት ሽንቲ ከቢድ ጸገምን ቃንዛን እዩ ዝፈጥር። ብሰንኪ ረኽሲ ኣብ ኩሊት'ውን ይምዕብል እዩ።

**- ሳይስቲን (Cystine)**

እዚ ዓይነት ጸጸር'ዚ ብዙሕ ግዜ ዝርአ ኣይኮነን። ብጀነራዊ (genetic) ምምዝባዕ ዝፍጠር ኮይኑ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ይርኣ።

ምልላይ ምልክታት ጸጸር ኩሊት

ጸጸት ኩሊት ብርቱዕ ቃንዛ እዩ ዘለዎ። ምልክታት ጸጸር ኩሊት፡ እቲ ዕንኳር/ ጸጸር ክሳብ ናብ ሻምብቆታት ሽንቲ ዝሓልፍ ብዙሕ ኣይንጸሮን እዩ። እዚ ብርቱዕ ቃንዛ'ዚ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ረናል ኮሊክ' (renal colic) ይበሃል። ኣብ ሓደ ክፋል ታሕተዋይ ሽምጢ ወይ ከስዐ ብርቱዕ ቃንዛ ይፈጥር።

እቲ ቃንዛ ወጻእን ኣታውን ግን ቀጻልነትን ጻዕቅን ዘለዎ እዩ። በዚ ድማ ዕረፍቲ ይኸልእ።

ካልእ ምልክታት፦

• ደም ኣብ ሽንቲ፡
• ተምላሲ፡
• ዕግርግርን ጽልግልግን ምባል፡
• ዘይልሙድ ጨና ኣብ ሽንቲ፡
• ዘይንብር ረስኒ፡
• ተደጋጋሚ ክትሸይን ምድላይ ወዘተ።

ጸጸር ኩሊት ጸገም ዝኸውን ስለምንታይ እዩ?

እቲ ዝፍጠር ጸጸር ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሊት ደው ኣይብልን እዩ። ካብ ኩሊት ናብ መሸንቶ ይሓልፍ። ሻምብቆታት መሸንቶ ድማ ጸቢብን ኣዝዩ ተነቃፍን እዩ። በዚ ድማ እቲ ጸጸር በቲ ሻምብቆ ኣቢሉ ናብ ፍሕኛ ሽንቲ ክኣቱ ዓቐኑ ግዚፍ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ቃንዛ ክፈጥርን ደም ኣብ ሽንትና ክሕወስን ግድን ይኸውን።

ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ጸጸር ንዋሕዚ ናይ ሽንቲ'ውን ይዓጉቶ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ሽንታዊ ጸገም (urinary obstruction) ይበሃል። ንረኽሲ ወይ ምሉእ ዕንወት ናይ ኩሊት የቃልዓና።

**ጸጸር ኩሊት ብኸመይ ንፍወሶ?**

እቲ ንገብሮ ፍወሳ ከም ዓይነት ናይቲ ጸጸርን ዝተፈጥሮ ኣገባብን ይፈላለ እዩ። ዓቐን ሽንትኻ ምቊጽጻር ግና ሓደ ካብ ኣገባባት ፍወሳ እዩ።

- ብብዝሒ ምእንቲ ክትሸይን ኣብ መዓልቲ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ በኬሪ ማይ ክትሰቲ ይግባእ። ተምላስን ዕግርግርን ዝብል ስምዒታት ምስ ዝህልወና ድማ ዝያዳ ፈሳሲ ከም ዘድልየና ኣይንዘንግዕ። እቲ ፈሳሲ ብመልክዕ ጸማቝ ለሚን ክኸውን'ውን ይኽእል እዩ።

- ጸማቝ ለሚን ምውሳድ ካልሽዩም ዕንኳር ከይፍጠር ንምክልኻል ይሕግዝ እዩ። ኣብ ለሚን ዝርከብ 'ሲትሬት' (citrate) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ውህደት ኣብ ኩሊት ዝፍጠሩ ደቀቕቲ ጸጸራት ክሰብር ዓቕሚ ኣለዎ።


- ቆጽሊ ራሓን 'ኣሰቲክ ኣሲድ' (acetic acid) ትሕዝቶ ኣለዎ። ጸጸር ኣብ ኩሊት ንኸይፍጠር ሰብሩ ናይ ምውጻእ ዓቕሚ ኣለዎ። ስለዚ ጸማቝ ራሓን ብዓቐኑ ክንወስድ ይከኣል። ናይ ቱፋሕ ኣቸቶ'ውን ተመሳሳሊ ጥቕሚ ኣለዎ። ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና።

- ጸማቝ ሰለሪ ጸጸር ኩሊት ንኸይፍጠር ዝከላኸል ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ኣለዎ።

እቲ ካልእ ኣገባብ ፍወሳ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ምግባርን ብሓኪም ዝተዋህበካ መድሃኒትን ምኽርን ብዋግቡእ ምክትታልን እዩ።

ምንጪ፦ health line






ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

### መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

### ብዛዕባ ውሑስ ኣጠቓቕማ መድሃኒት

2. ባዕሉ-ፍወሳ መድሃኒት ኣወግድ!

ኣብ እትሓመሉ እዋን፡ ኣድላዪ መርመራ ሕክምና ገይርካ ግቡእ መድሃኒት ምእንቲ ክትወስድ፡ ንበዓል ሞያ ጥዕና ብዛዕባ ኩነታትካ ሓብርን ኣማኽርን። ንበዓል ሞያ ጥዕና ከየማኸርካ፡ መድሃኒት ብጉዚእ ርእሰኻ ምውሳድ፡ ንግቡይ ኣወሳስዳን ሓደገኛ ሳዕቤናትን ከቃልዕ ይኽእል። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ምስ ዓይነትን ደረጃ ብርትዐን ሕማምካ ዘይዛመድ መድሃኒት ምውሳድ፡ ንኸበድቲ ጉድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ምቅላዕ፡ ካብ ሕማምካ ዘይምፍዋስን ናብ ዝበኣሰ ሕማማት ወይ ሓልክታት ምቅላዕን የጠቓልል። ስለዚ ባዕሉ-ፍወሳ መድሃኒት ኣወግድ!

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካን ኣውስትራልያን፡ ኣብ ብርቂ ማዕድናት ዝተሰማምዓሉ ውዕል እንታይ ይመስል?



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒስን፡ ኣብ ብርቂ ማዕድናት (rare earths) ዝተኮረ ሓድሽ ውዕል ከም ዝኸተሙ እዩ ዝሕበር ዘሎ። እቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ዝተኸተመ ሓድሽ ውዕል፡ ኣመሪካን ኣውስትራልያን ኣብ ዝሓለፈ 5 ኣዋርሕ ኣትሒዞን ክዘራረባሉ ከም ዝጸንሓ እዩ ፕረዚደንት ትራምፕ ዘረድኤ። ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኣውስትራልያን ተኸቲሙ ዘሎ ሓድሽ ውዕል፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ቀረብ ብርቂ ማዕድናት እወታዊ ተራ ክህልዎ ከም ዝኽእል እዩ ዝእምት። ብመሰረት እቲ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ኣብ ዝቕጽሉ 6 ኣዋርሕ፡ ክልቲአን ሃገራት ነፍሲ ወከፈን ሓደ ቢልዮን ዶላር ባጀት ኣብ ዕደናን ምምስራሕን እዞም ፍሉያት ማዕድናት ክስልዓ እየን።

ብደረጃ ዓለም፡ ቻይና ብምምስራሕ ብርቂ ማዕድናት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዓ ከም እትርከብ እዩ ዝሕበር። ኣብዚ እዋን ቻይና፡ ንኣስታት 70 ሚእታዊት ናይቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝካየድ ዕደና ብርቂ ማዕድናት፡ ከምኡ'ውን ን90 ሚእታዊት ናይ ምምስርሑ ንጥፈታት ተቖጻጺራ ከም እትርከብ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ። ኣመሪካን ኣውስትራልያን፡ ዕላማ ናይዚ ሕጂ ኩቲመንኦ ዘለዋ ስምምዕ ኑቲ ቻይና ብሒታቶ ዘላ ሰደድ ብርቂ ማዕድናት ደው ንምባል ምዃኑ'የን ዝጠቕሳ ዘለዋ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ነዞም ብርቂ ማዕድናት ብዐዘሑ ዓቕን ካብ ቻይና ኩተእትዎም ምጽናሓ እዩ ዝንገር። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ በትረ ስልጣን ኣመሪካ ዳግማይ ምስ ተረከበ፡ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ቻይና ብዘወሰኖ ናይ 147 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ግን፡ ቻይና ኑቶም ናብ ኣመሪካ ክትልእኮም ዝጸንሐት 7 ዝተፈላለዩ ብርቂ ማዕድናት ደው ኩተብሎም እያ ተራእያ። እዞም ቻይና ናብ ኣመሪካ ኪይለኣኸቱ ዝኸልከለቶም - ‘ሳማርዩም’፡ ‘ጋዶሊንዩም’፡ ‘ተርብዩም’፡ ’ዲስፕሮስዩም’፡ ‘ሉተትዩም’፡ ‘ስካንድዩም’፡ ‘ይትሪዩም’ ዝተሰምዩ ፍሉያት ማዕድናት፡ ኣብ ወተሃደራውን ሲቪላውን ጽላታት ኣመሪካ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዘለዎም እዩ ዝሕበር። በዚ እያ ከኣ ኣመሪካ ነዞም ካብ ቻይና ክትረኽቦም ዘይክኣለት ፍሉያት ማዕድናት ካብ ኣውስትራልያ ንኽትረኽቦም ስምምዕ ዝኸተመት።

እዞም ፍሉያት ማዕድናት ኣብ ኩሉ ናይ ምክልኻል ቴክኖሎጂ ማለት፡ ኣብ ምስራሕ ኤፍ-35 ዝዓይነቶን ዘመናውያን ናይ ውግእ ነፈርቲ፡ ኣብ ምስራሕ ታምሃውክ ‘ሚሳይል’፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ራዳር ስርዓታት፡ ካልኦት ምዕቡላት (ስማርት) ቦምባታትን፡ ማካይንን ኮምፕዩተራትን ዘገልግሉ ጥረ ነገራት ምዃኖም፡ ክኢላታት ክሕብሩ ጸኒሖም እዮም። ከም ሚያንማርን ዩክረይንን ዝኣመሰላ ገለ ሃገራት፡ ከምኡ ድማ ክፍለ ሃገር ካሊፎርንያ ናይ ኣመሪካ፡ ዋላ'ኳ ብርቂ ማዕድናት ከም ዝውንና ዝፍለጥ እንተ ኾነ፡ ነዚ ማዕድናት ኣውጺአንን ኣጻርየንን ናይ መውዳእታ መልክዑ ከተሕዝአ እንተ ድኣ ኩይነን ግን ብውሑዱ 25 ዓመታት ክወስደለን ምዃኑ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዘመልክቱ። እዚ ማለት፡ ኣመሪካ ኑቲ ቻይና ዓብሊላቶ ዘጸንሐት ሰደድ ፍሉያት ማዕድናት፡ ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ዝኾነት ሃገር ብቐሊሉ ክትረኽቦ ከም ዘይትኽእል፡ እቶም ወገናት ወሲኾም የረድኡ።

በዚ ከኣ፡ ኢንዱስትሪ ምክልኻል ኣመሪካ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣመሪካ ናብ 140 ኩባንያታት ቻይና ክትልእኮም ዝጸንሐት ዝተፈላለዩ ናይ ቴክኖሎጂ ኣቑሑ ደው ድሕሪ ምባላ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ‘ጋልዩም’፡ ‘ጀራንዩም’፡ ከምኡ ድማ ‘ኣንቲሞኒ’ ዝተሰምዩ ፍሉያት ማዕድናት ናብታ ሃገር ምልኣኽ ከም ዘቋረጸት ዝዘከር እዩ። ሰደድ ናይ'ቶም ኣብ ምስራሕ ሚሳይላት፡ ኑክለሳዊ ኣጽዋር፡ ተተኮስትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣጽዋርን ዝሕግዙ ማዕድናት፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ደው ምባሎም፡ እቲ ስጉምቲ ንኣመሪካ ሰፊ ዘይብል ክሳራ ከውርደላ ከም ዝኽእል እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ኣጠንቂቖም ነይሮም። ብደረጃ ዓለም ካብ ዝካየድ ሰደድ ‘ኣንቲሞኒ’፡ እቲ ልዕሊ 48 ሚእታዊት ብቻይና ከም ዝሸፈን እዩ ዝሕበር።

ብተወሳኺ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ‘ታምሃውክ’ ዝተሰምየ ንነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ምዕቡል ሚሳይል ናብ ዩክሬን ክልእኽ ከም ዝኽእል እዩ ኣሚቱ ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት መዓልታት፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ሓደገኛ ሚሳይል ንኩናት ዩክሬን መሊሱ ከጎሃህሮ ስለ ዝኽእል፡ ከምኡ'ውን ናይ ገዛእ ርእሳ ንምክልኻል ስለ ዘድልያ፡ ሓሳቡ ብምቕያር ናብ ዩክሬን ክልእኮ ከም ዘይኮነ እዩ ኣፍሊጡ። ብኻልእ ወገን፡ ኣመሪካ ንሚሳይል ’ታምሃውክ’ ንምስራሕ ዘገልግሉ ብርቂ ማዕድናት ካብ ቻይና ኩተእትዎም ብምጽናሓ፡ ኣብዚ እዋን ድማ ቻይና ኑቶም ማዕድናት ናብ ኣመሪካ ትልእኮም ብዘይምህላዋ፡ ኣመሪካ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ‘ታምሃውክ’ ሚሳይል ኩተፍሪ ስለ ዘይትኽእል፡ በዚ ምኽንያት ኑቲ ስጉምቲ ከም ዝወሰደቶ'የም ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ግምታቶም ዝህቡሉ ዘለዉ።

ኣመሪካ ኑቶም ኣብ ኩናት ዩክሬንን ቓዛን ዘጥፍኣቶም ኣጽዋር ንምትካእ፡ እዞም ፍሉያት ማዕድናት ናይ ግድን ከም ዘድልዩዋ እዮም ክኢላታት ዘረድኡ። እንተኾነ፡ በዚ ዘሎ ኩነታት፡ ቴክኖሎጂ ምክልኻል ኣመሪካ፡ ንኹሉ ናይ ምክልኻል ጠለባት ኣመሪካ ከማልእ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ ዘሎ። እቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኣውስትራልያን ተኸቲሙ ዘሎ ስምምዕ'ውን፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ለውጢ ከምጽእ ከም ዘይክእል እዩ ዝሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ኣመሪካ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኣውስትራልያ ኣብ ዝህሉ ዘሎ ዓመታዊ 100 ቶን ጋልዩም ዘጻሪ ትካል ወፍሪ ከም እትገብር ትሕብር ኣላ። ጋልዩም፡ ኣብ ምስራሕ ምዕቡላት ኤለክትሮኒካውያን ስርዓት ኣጽዋርን ራዳርን ዘገልግል ኣገዳሲ ማዕድን ከም ዝኾነ እዩ ዝንገረሉ። ኣመሪካ ብተወሳኺ፡ ፕሮጀክት ብርቂ ማዕድናት ኣውስትራልያ ንምምዕባል፡ ኣስታት 2.2 ቢልዮን ዶላር ከም ትልእኽ ኣፍሊጣ ኣላ።

ቻይና ኑቲ ብርቂ ማዕድናት ካብ ሰደድ ደው ምባላ፡ ወተሃደራዊ ዓቕማ ንኸተደንፍዕ ዓቢ ዕድል ኮይኑዋ ከም ዘሎ፡ ኑቲ ኣብ መንጎኣን ኣመሪካን ዝጸንሐ ፍልልያት ድማ መሊሱ ዝግፍሕ ኮይኑ ምህላዉ'ን'የም ጸብጻባት ዝጠቕሱ። ኣውስትራልያ፡ ዋላ'ኳ ብርቂ ማዕድናት ብዐበዘሒ ዝርከባ ሃገር እንተ ኾነት፡ ብተመሳሳሊ ግን ኣብ ቻይና ተመርኲሳ እያ ተጠቃምነት ብርቂ ማዕድናት ኩተውሕስ ጸኒሓ። ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣልባኒስን፡ ኣብቲ ኣብ 2023 ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነበር ጆ ባይደን ዝኸተሞ ናይ 239 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ስምምዕ ኣመልኪቶም እውን ከም እተዘራረቡ እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ሓደ ካብቲ ሽዑ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኣውስትራልያ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ዝዋደደለን ሰለስተ ኣብ-ማዕበላት ኣብ 2032 ካብ ኣመሪካ ክትረክብ ዝብል እዩ ነይሩ። እቶም መራሕቲ ኣብ ጽላት ሓይሊ ባሕሪን ወተሃደራዊ መሳለጥያታትን ክልቲአን ሃገራት ኣመልኪቶም እውን ከም ዝዘተዩ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣውስትራልያ፡ ኣመሪካን ብሪጣንያን፡ ስሉሳዊ ወተሃደራዊ ዝምድናታተን ንምሕያል ኣብ መስርሕ ከም ዘለዋ፡ ሰብ መዚ ኣውስትራልያ ኣፍሊጦም። በዚ ከኣ፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ 2021 ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዝተኸተመ ስሉሳዊ ናይ ሽርክነት ስምምዕ፡ ኣውስትራልያ ብዘሒ ናይ'ተን ኣብ ኣመሪካ ዝፈርያ ሳብ ማሪናታ ክበ ንምባል ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣስታት 3 ቢልዮን ዶላር ከም ዝስለዐት ይግለጽ ኣሎ። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተመስረተ ስሉሳዊ ሽርክነት፡ ንዕብለላ ቻይና ኣብ ኢንዶ-ፓስፊክ ንምድራት ምዃኑ፡ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ፖለቲካ የረድኡ።



# ኣብ ሕሳብ ምትሕስሳብ

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል
ሰኢሊ ኣብርሃም በየነ
ሳልሳይ ክፋል

“ሕሳብ ብዛዕባ ቀጽሪ፡ ምዕራት፡ ቅመራ ወይ ኣልጎሪዝም ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ርድኢት እዩ።” - ዊልያም ፖውል ተርስተን

ኣብ እዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ህዝቢ ዓለም ብሳላ ቴክኖሎጂ ኣብ መነባብሮኡ ብዙሕ ምምሕያሽ ገይሩ እዩ። ብሳላ ቴክኖሎጂ መንገዲ መዓልታት ዝወስድ ነዊሕ መገሻ፡ ብሒደት ሰዓታት ይብጻሕ ኣሎ። ምብጻሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዝሓሸ ውሕስነት ዘለዎ መንገዲ እውን እዩ ዝብጻሕ ዘሎ።

ኣብ ሓጺር ግዜ ዝበስል ዝነበረ መግቢ፡ ሳላ መዝሓሊ ማሽን ዝተመዝነ እዮም ዝበስሉ ዝነበሩ መግብታት ንንውሕ ዝበለ መዓልታት ብጽቡቕ ክዕቀቡ ተኻኢሉ ኣሎ። ብኢድ ዝሕለሙ ዝነበሩ ክዳውንቲ፡ ብመጥሓን እምኒ ዝጥሓኑ ዝነበሩ ኣእካል፡ ... ብሳላ ምህዞ ቴክኖሎጂ ብሒደት ሃልክን ብሓጺር ግዜን ይዕመሙ ኣለዉ።

ጥቕሚ ቴክኖሎጂ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። የግዳስ ቴክኖሎጂ እናተራቐቐ ብዝመጽአ መጠን፡ ዝፈጥሮ ዘሎ ስክፍታታት እውን ጉሉሕ እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ኩዩ ዘከራኽር ኣይኮነን።

ኣብ እዚ ግዜ ገለ ተማሃሮ ዝበዝሐ ግዜኦም ኣብ መጽሓፍቲ ዘይኮነ፡ ኣብ ሞባይላትን ታብለታትን ተደፊኦም እዮም ዝውዕሉ ዘለዉ። እቲ ንመምህራንን ወለድን ዘሰክፍ ዘሎ፡ ሞባይል ወይ ታብለት ምሓዝ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ እቶም ተማሃሮ ኣብ ሞባይላትን ታብለታትን ዝርእይዎም ዘለዉ ጸዋታትን ሓደገኛታትን ቪድዮታት እዮም።

መምህር ጊደዎን ኣባይን መምህር ብእምነት ተኽልዝጊን ብዛዕባ ጽልዋ ቴክኖሎጂ ኣብ መዳይ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ፡ ምስ እቶም ስልጠና ዝሃብዎም መምህራን ሕሳብ ብዕምቈትን ብሰፊሑን እኺን ምኺን ተዘራሪቦምሉ እዮም። ኣብ እቶም ስልጠንቲ መምህራን ዘለዎም ኣድናቖት እውን ልዑል እዩ።

“እቶም ከሰልጥኑና ዝጸንሑና መምህራን፡ ንዓና ክምህሩና እንተ ዘይከውኖም፡ ንሕና ክንምህሮም ኣይንኽእልን ኢና።” ይብል መምህር ጊደዎን ኣባይ ከም ምቕልል ኢሉ። “እቲ ምንታይሲ፡ እቶም ሰልጠንቲ ልዕሊ 25 ዓመት ናይ መምህርና ተመክሮ ዘለዎም እዮም። ብቐንዕና ብዘይ ቃል ዓለም ክንዛረብ እንተ ኾይንና፡ ንሶም እዮም ኣብ እቲ ቅድመ-ግንባር ዘለዉ። ንሶም እዮም ንተማሃሮኦም ዚያዳ ዝፈልጡ። ንሶም እዮም ኩነታት ተማሃሮኦም ብልክዕ ዝፈልጡ። ምእንቲ'ዚ፡ ምስኦም ዝነበርናዮ ስልጠና ካልእ ዘይኮነ ልዝብ እዩ ነይሩ እንተ በልናዮ እዩ ዝምረጽ።

“የግዳስ፡ ዓለም ከኣ ነጀው ገጻ እያ ትኸይድ ዘላ። ምእንቲ'ዚ ንሕና፡ ኣብ ህንጸት ሃገር፡ ኣብ ምዕባለ ገጽና ክንከይድ እናበልና፡ ሕድገት ዘይንገብረሉ ዓይነት ትምህርቲ፡ ኣሻሪኻ ኣይትብሉኒ እምበር፡ ሕድገት ዘይንገብረሉ ትምህርቲ ሕሳብ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ነዚኣ ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ክንከስ ዘለዎ ኸኣ፡ ወላዲ እዩ። ኣነ ነዚ ቅኒት ኣእምሮ እየ ክብሎ ዝኽእል። ቅኒት ኣእምሮ መጀመርያ ክቃኒ ዘለዎ ድማ ወላዲ እዩ።

“‘ኣነ እኮ ተማሃራይ ኣብ ዝነበርኩሉ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ሕማቕ እየ ነይረ። ምእንቲ'ዚ፡ ኣብ ሕሳብ እንተ ሓመቕካ ከም ሰበኻ ኢኻ፧’ ዝብል ወላዲ እንተ ሃልዩ፣ ‘ደሓን ኣይትሰከፍ፡ ሕሳብ ንኻልኦት ተማሃሮ እውን ይብርትዖም እዩ።’ ዝብል መምህር እንተ ሃልዩ፡ ኑቶም ቈልዑ ካብ እቲ ክበጽሕዎ ዝነበሮም የጉድምዎም እዮም ዘለዉ። ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከይሰግሩ ይሕንክሎም ኣለዉ። ምእንቲ'ዚ ብዛዕባ እዚም ኣርእስትታት ኢና ኣብ እዋን እቲ ስልጠና ምስ እቶም መምህራን ሕሳብ ንዘራረብ ነይርና። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ፡ ካብ እቶም ሰልጠንቲ መምህራን ብዙሕ ኢና ተማሂርና።”

ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ ገለ ወለዲ ኣብ ደቆም ዘለዎም ምክትታል ዘተሓሳስብ እዩ። ንደቆም ኩዩን ስለ ዝኸደንዎምን ኩበዶም ስለ ዝመልኡሎምን፡ ኩሉ ነገር ዘማልኡሎም ዝመሰሎም ወለዲ ውሑዳት ኣይኮኑን። እዚ ግን፡ ቅኑዕ ኣይኮነን። ካብኡ ሓሊፎም ሕሳብ ከቢድ ትምህርቲ ከም ዝኾነ ገይሮም ባዕላቶም ንደቆም ከጃጅውዎም ክትሰምዕ እንከለኻ፡ ብሓቂ ዘተሓሳስብ እዩ።

መምህር ጊደዎምን ኣባይ፡ “ሕሳብ ከም ዓይነት ትምህርቲ እቲ ዝቐለለ እዩ። ብዙሕ ምዝካር ዘድልዮ ኣይኮነን። የግዳስ ጻዕሪ የድልዮ እዩ። ርሑቕ ከይከድና፡ ዓምን ሎም ዘመንን ኣብ ዘዙር ፈረንሳ ኩልና ኣብ ቅድሚ ቴለቪዥን ክንጸናኖ ቀኒና። ምኽንያቱ ተቐዳዳማይ ብሸክለታ ሃገርና፡ ቢንያም ግርማይ ከም እቲ ዓሚ ዝተገናጸፎ ስለስተ ዓወታት የምጽእዶ? ካብ ዝብል ልዑል ተስፋ ዝቖጸለ እዩ። ቢንያም ግርማይ ነዚ ዓወታት ክገናጸፍ እንከሎ፡ ደቂሱ ኣይኮነን ረኺብዎ። ክንደይ መዓልቲ ኣብ ሰሙን፡ ክንደይ ሰዓት ኣብ መዓልቲ፡ ልምምድ ይገብር? ባዕሉ ክምልሶ ዝኽእል እዩ። ደም ርሃጹ ኑቲ ዓወት ከም ዝተገናጸፎ ግን፡ ካብ ኩልና ዝተኸወለ ኣይኮነን።

“እዚ ሕማም ጽልኢ ናይ ሕሳብ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም እዩ ዝሰዐርር ዘሎ። ኣብ ብዙሓት ተማሃሮ ዓለምና ሸውሃት ምዕጻው ኣብ ሕሳብ ይርአ ኣሎ። እቲ ጠንቂ መን እዩ? ንዝብል ሕቶ ብዙሕ መልሲ እዩ ዘለዎ። መምህራን ብቑዖት ሓላፍነት ክንስከም ኣለና።



እቲ ሕሳብ ክንዲ ኣብ ኣተሓሳስባ ምስፋሕ (Conceptual understanding) እንብሎ ዘድህብ፡ ኣብ እታ ናይ መጠረሽታ መልሲ እዩ ዝወሃብ ዘሎ። ካልኣይ፡ ብፍጥነት ትውድእ ዲኻ ኣይትውድእን ኢኻ? ዝብል ኣሰገዳድ ኣሎ። ከምዚ ሸገጥ ኣብ እዝኑ ሰኺዑ፡ እዚኣ ኣብ ውሽጢ ሰብዓን ሓሙሽተን ደቒቕ፡ ኣብ ሓምሳ ደቒቕ፡ ... ወድኣያ ዝዓይነቱ ኩይኑ፡ ኣብ ርእሲኡ ተደሚሩ ተደማሚሩ ኸኣ፡ ናይ ቀመራት ሸምደዳ ትግበሮ እንተ ኾንካ፡ እቶም ተማሃሮ ልዕሊኡ ምሒር ንሕሳብ ዘይምጽልኦም እውን፡ ቡቲ ሓደ ወገን የደንጽወካ እዩ። ናይ እዚ ጠንቂ እምበኣር፡ ኣቀራርባ ወይ ኣገባብ ናይ ኣመሃህራና እዩ።

“ካልኣይ፡ እቲ ኣቐዲምና እንዝራረበሉ ዝነበርና ዘጉድም፡ ዘጃጅኡ እምበር ዘዮተባብዕ ናይ ሕብረተሰብ፡ ናይ ዓርኩ-መዛኑ፡ ... ኣተሓሳስባታት ኣሎ። እዚታት እዩ ኑቲ ሕሳብ ከም ብርቱዕ ዓይነት ትምህርቲ ዘምስሎ እምበር፡ ኩሉ ግዜ ንብሎ ኢና፡ ካብ ብታሪኽ ዶክትረይት ኩተምጽእ፡ ብሕሳብ ዶክትረይት ኩተምጽእ ይቐልል። ንምንታይ በሎኒ? ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ታሪኽ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ናይ ታሪኽ መምህርካ በታ ንሱ ዝደልያ እንተ ዘይገይርካያ ኩትርፈካ ይኽእል እዩ። ብሕሳብ ግን፡ ንሳ እታ ዝሰራሕካያ እያ ባዕላ ትማጉተልካ። ምእንቲ'ዚ፡ ንሕና ከም መምህራን ናይ ሕሳብ፡ ከም ተማሃሮ ናይ ሕሳብ፡ ንገዛእ ርእስና ተማሃሮ ገይርና ኢና እንቖጽሮ፡ ኩሉ ሻብ ክንማሃር ዕድለኛታት ኢና። ምምሃር ማለት ናይ ዘልኣለም ተማሃራይ ምኳን ማለት እዩ። ስለዚ ሕሳብ ቀሊል እዩ። እቲ ጠንቂ ምጽላእ ሕሳብ ኣብ ተማሃሮ ግን፡ ምሒር ብዙሕ እዩ።” ብምባል ይትንትኖ።

ከም እቲ ሓንቲ ኢድ በይና ኣይተጣቕዕን እያ ዝበሃል፡ ናይ መምህራን ጻዕሪ ወይ ናይ ወለዲ ጻዕሪ ንበይኑ ኣኻሊ ክኸውን ትጽቢት ኣይግበረሉን እዩ። መምህራንን ወለድን ኢድን ጓንትን ኩይኖም፡ ኑቲ ኣብ ተማሃሮ ተፈጢሩ ዘሎ ምዕጻው ሸውሃት ሕሳብ ኣብ ምኽፋት እኻኣሞም ከበርክቱ ይግባእ።

መምህር ብእምነት ተኽልዝጊ፡ “ተራ ወለዲ ኣብ ምኽፋት ሸውሃት ሕሳብ ተማሃሮ ዓቢ እጃም እዩ ዘለዎ። ካብ እቶም ዘንብበናዮም መጽሓፍቲ ተበጊሰና ክንዛረብ እንተ ኾንና፡ ‘ወለዲ ንደቆም ካብ ደቂ ሰለስተ ወርሒ እንከለዉ ኣትሒዞም ክዛረብዎም ኣለዎም። ከም ትእዛዝ ‘ብላዕ ወይ ስተ!’ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምሉእ ዓረፍተ ነገረ እዮም ክዛረብዎም ዘለዎም። ምኽንያቱ፡ እቶም ህጻናት ምስ ዓበዩ ጽቡቕ ገይሩ ምእንቲ ክሕግዞም ማለት እዩ።’ እዮም ዝብሉ። ንሕና ኸኣ ንደቅና፡ ኣብ ሕሳብ ብኸምዚ መንገዲ ኢና ታተ ከነብሎም ዘለና።

“ቅድሚ መምህራን ንተማሃሮ ዝረኽብዎም ወለዲ እዮም። ክንዲ ዝኾኑ፡ ወለዲ ንደቆም ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ኣትሒዞም ኣብ ሕሳብ ጽቡቕ መሰረት ክትሕዝዎም ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ኣገዳስነት ሕሳብ ጽቡቕ ገይሮም ብዝቐለለ መንገዲ ንደቆም እንተ ኣረዲኦሞም፡ ሰሩዕ ትምህርቲ ክጅምሩ እንከለዉ ብዙሕ ክጸግሙ ኣይክእሉን እዮም።

“እቲ ካብኡ ቀጺሉ ክርአ ዘለዎ ሓደ ነጥቢ ኣሎ። ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ኣርባዕተ ኣዕኑድ ከም ዘለዉ ክንምገዝዙብ ጽቡቕ እዩ። ንሶም ከኣ ተማሃራይ፡ መምህር፡ ካሪክለምን ሕብረተሰብን እዮም። ሕብረተሰብ ክንብል እንከለና ንባዕሉ፡ ወላዲ፡ መምህር፡ ዓርኩ-መዛኑ፡ ... ዘጠቓልል እዩ። እዞም ኣርባዕተ ኣዕኑድ ብሓንሳብ ደልዲሎም እንተ ዘይቈይሞም፡ ልክዕ ከም ሓንቲ ዓንዳ ዘዘለት ህድሞ ናብ ሓደጋ ዘምርሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

“ኣብ ካሪክለም መጺእና ክንዛረብ እንከለና፡ ኑቲ ካሪክለም ጽቡቕ ገይርና ክንምርምሮን ክንክልሶን ጽቡቕ እዩ። ተማሃሮና ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ሸውሃት ወይ ድሌት ኣለዎምዶ? ተማሃሮና ኣብ ክፍሊ ይኾኑ ኣብ ዕዮ ገዛ ብዝዮሮጸኦ ይዋስኡ ወይ ይሳተፉ ኣለዉ? ኣበየናይ መዳይ እዮም ዚያዳ ዝዋስኡ ዘለዉ? ስለምንታይ? ንዝብሉ ሕቶታት መርሚርና ግቡእ መልሲ ክንህበሎም ይግባእ። ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዘድሊዮም እንተ ሃልዩም፡ ንዕኡ ብዕምቈት ከለልዮ ጽቡቕ እዩ። ምኽንያቱ፡ ምስቲ ሓድሽ ድሌታቶም ኢና ክንውዳደር ዘለና። ንተማሃሮ እቲ እነቕርቦ ካሪክለም፡ እቲ እነቕርቦ ዓይነት ትምህርቲ ሕሳብ ብመዓላ ደጊፍና፡ በቲ ንሶም ዝፈልጥዎ ወይ በቲ ንሶም ዝዓበዩሉ መዓላ ገይርና እንተ ምሂርናዮም፡ እቶም ተማሃሮ ክግደሱ ይኽእሉ እዮም። ከም ዘለዎ ማለት ንሕሳብ ከም ሕሳብ ጥራይ እንተ ምሂርናዮም ግዳ፡ ንተማሃሮና ቀጭ ከምጽኣሎም ይኽእል እዩ።” ብምባል ምኽሩ ኣካፊሉና።

እቶም ኣርባዕተ ኣዕኑድ እተባህሉ፡ ኣገዳስነቶም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ባይታኸ ብኸመይ ንሰርሓሎም ኣለና? ዝብል ሕቶ ግዳ ብግቡእ ክምርመር ዘለዎ ጉዳይ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ገለ ጉድለት እንተ ሃልዩ ንምእራሙ ከኽእለና እዩ። ጽቡቕ እንተ ሃልዩ ኸኣ፡ ካብኡ ንዝበለጸ ዕዮ ክዕድመና እዩ።

መምህር ጊደዎን ኣባይ፡ “ወለዲ እቶም ቀዳሞት መምህራን ደቅና ንሕና ኢና። ክንዲ ዝኾኑ ዚያዳ ኣብ ነጥቢ ኣይኩንናን ክድህብ ዝግባእ። ደቅና ኣብ ትምህርቶም ተጊሆም ይሰርሑ ኣለዉዶ? ናይ ምክትታል ሓላፍነት ናትና ናይ ወለዲ እዩ። ንሕና እንድሕር ኣደብ ምሂርናዮም፡ ንሕና እንድሕር ከይሀቡ ኣተባቢዕናዮም፡ መምህር ምስ ሓዞም ሕማቕ ሞት ኣይሞቱን እዮም።

“ይዝከረኒ ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ሰበይቲ ደዊላትለይ። ወዳ ኣብ ክንዲ ዘጽንዕ ደቂሱ ይውዕል ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ፈተና ‘D’ ማለት ዝተሓተ ነጥቢ ኣምጺኡ። ብኸምኡ እያ እታ ኣደ ትድውለለይ ዘላ። ‘መምህሩ ከሕልፎ ደዩ ዋላስ ከትርፎ እዩ? እብል ነይረ እሞ፡ እንቋዕ ኣትረፍካዮ!’ ኢላትኒ። ብመንጽሩ ገለ ወለዲ፡ ደቆም ኣብ ትምህርቲ ክተርፉ እንከለዉ፡ ምስ መምህራን ክበኣሱ - ነጸልኣን ዘልዕላ ኣደታት፡ እጅግኦም ሰብሲቦም ተዃንዲዶም ዝመጽኡ ኣቦታት ውሑዳት ኣይኮኑን። ውላዶም ብጌጋ ናይ መምህር እንተ ተረፉ፡ ብኣገባብ እንተ ተረዳድኡ ዝጽላእ ኣይኮነን። የግዳስ ውላዶም ሓሚቑ ክስኡ ክሓልፈሎም ዘጉባዕባዑ ወለዲ ዓንቢ ክበሃሉ እዩ ዘለዎም።” ብምባል ካብ ሃብታም ተመክሮኡ የካፍል።

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Bakery** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Catering Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | - Bakery use their understanding of ingredients and food preparation to craft recipes and create baked goods. They measure and mix raw ingredients, bake, and decorate items, and ensure that all raw and finished goods adhere to and food safety standards.<br>• Follow existing recipes.<br>• Measure, weigh and prepare ingredients.<br>• Knead, roll, cut, and prepare dough as needed.<br>• Monitor oven temperatures, speed settings, mixing machines, and other baking equipment.<br>• Ensure food surfaces and baking equipment meet all health and safety standards. |
| **Duties:** | - Weigh out precise amount of baking ingredients using scales or graduated containers.<br>- Assess the quality of raw materials before baking to ensure conformance to set standards.<br>- Uniformly mix ingredients using automated equipment such as blenders and mixers.<br>- Knead dough manually or with the aid of a kneading machine.<br>- Establish production schedule and set quota for the number of goods to be produced on daily basis.<br>- Maintain good knowledge of complex industrial mixing machine and how to operate them.<br>- Maintain a clean and hygienic work area in accordance with health and safety regulations.<br>- Ensure proper storage of baking utensils and supplies.<br>- Oversee the routine maintenance of baking equipment to ensure efficient operations.<br>- Train new recruits on baking techniques and procedures<br>- Manage inventory levels and order supplies before they are used up.<br>- Adjust thermostatic controls to regulate temperature of oven.<br>- Ensuring that the daily bakery range is made to high standard in a timely, safe, and consistent manner.<br>- Making sure freshly baked food is available for customers.<br>- Cleaning bakery machinery, equipment, storage, and preparation areas.<br>- Assisting with company's Health and Safety procedures.<br>- Ensuring that baking equipment is fully functional and stored correctly.<br>- Creating a kitchen culture of food waste prevention |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - High school |
| **Working Experience – Nature & Length** | - 1 + year from related work |
| **Leadership Experience - Nature & Length of time** | - Knowledge & ability to manage |
| **Other skills and abilities** | - Physical stamina: He/she can carry out job duties while standing on their feet for extended periods and able to work according to tight production schedules |
| **Other Requirements** | - Commitment to organization<br>- The capacity to work under extreme pressure |

**Salary: according to Company's salary scale.**

**Place of work: Zara Mining Share Company, Koka Gold Mine, Zoba Gash Barka**

**Additional Requirement for nationals**:

- Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Present clearance paper from office of the Eritrean Police and medical check-up report.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- All applications should be sent through the post office.
- applications should be sent through the Post Office; only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned.

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 10 days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሮማን ወልደማርያም ዓንደማሰቀል፡ ኣደይ ቅድስቲ ወልደማርያም ዓንደማሰቀል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ 49 ይቐረብ፡፡

ከሰስቲ ወረ/ፍ/ጉብረሂወት ካሕሱ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ጉብረሂወት ካሕሱ +4፣ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ተኸሰስቲ ቁ.4 የሳን ጉብረሂወት ካሕሱን 5 ናርዶስ ጉብረሂወት ካሕሱን ኣድራሻኹን ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ይግባይ ቁ/37 ቅረባ፡፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ኣብ ዘየለኽናሉ ውሳኔ ክወሃብ እዩ፡፡

ከሰስቲ ምሂያ ኣብርሃ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ኪዳ ተስፋስላሴ ኣብርሀ ዝኾንኩም 1. ሩታ ኪዳ ተስፋስላሴ፡ 2. ፊሸን ኪዳ ተስፋስላሴ 3. ሞሪል ኪዳ ተስፋስላሴ 4. ሚከኤል ኪዳ ተስፋስላሴ 5. ኣማን ኪዳ ተስፋስላሴ 6. ማክዳ ኪዳ ተስፋስላሴ ዝኾንኩም፡ ብዛዕባ ምቅሊት ውርሲ ናይ መኪና ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/11/25 ኣብ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 እንተዘይቀሪብኩም፡ ኣብ ዘየለኽምሉ ውሳኔ ክወሃብ እዩ፡፡

ከሰስቲ ቅሳነት ረዳኢ ዳዊት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም በረኸት ቶማስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/13 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ያሰም መሓመድ ኣሕመድ፡ ብዓል ቤተይ ሓሰን ኣሕመድ የሱፍ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቐረብ፡፡

ተጋ/ፎዚ ካሊፋ ሑሴን፡ ኣሕዋተይ ሓጎስ ገ/ማርያም፡ ሰምሃር ሓጎስ ገ/ማርያም፡ ሰናይት ብርሃ ተስፋይ፣ ካብ ሃገር ምስ ወጹ ደሃይ ስለ ዘይብሎም፡ ናይ ጥፉኣት ተባሂሎም ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

መም/ ዕርዶም ነጋሽ ኣደይ፡ ታቦቱ ሃብተገርግሽ ተስፋጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ምስ 5 ተተካእቲ መዋቲ ደቂ ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ዳኒኤል ሰመረ ት/ዕድመ ጓለይ ሳሮን ዳንኤል ሰመረ ምግል ተራፉ የሳን ዳንኤል ሰመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ደርጋኣለም የውሃንስ መኮ፡ ኣደይ ታትይደስ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ዳንኤል ተወልደብርሃን፡ ኣደይ ጸገወይኒ ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወ/ሮ ሰለማዊት ዘርኣ መሓሪ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተኣብ ወልዱ ተስፋዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ትርሓስ ትኩእ ከበደም፡ ስም ኣደይ ፋኑስ ስልጣን በርሀ ምግል ተራፉ ፋኑስ ስልጣን መኮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ 18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ወ/ሮ ወይኒ ሓድጉ መሻሻ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰፋው ብርሃ በራኺ ስለዝተሰውኡ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

---

ብስም ወ/ሮ ሶፍያ ሓጂ መተዮን መሳ፡ ብቁ/ምስክር ወረቐት 100563 መወከሲ ቅጺ 112418 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና ሰጋለት ቀጣን 134 ቁ/ገዛ 34 ዝርከብ፡ ዓጸይ ወ/ሮ ሶፍያ ሓጂ መተዮን መሳ ብህያብ ስለዝሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ወ/ሮ ስልጣና ዓሊ ኣሕመድ ክመሓላለፈ ስለ ደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቐረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለዎ ሰነዳት ጉዳየይ ክውዳእ ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ስልጣና ዓሊ ኣሕመድ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ሰምበል ፕሎት 132፡ ቁ/ፓርሰል/ዞን ASP00015204፡ ፓርሰል J፡ ከበቢ/ዚፕ ኮድ ሰምበል 1A834-8 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:006329 ብዕለት 22/06/2011 ብስም ወ/ሮ ሶፍያ ሓጂ መተዮን መሳ ዝተመዝገበ ዓጸይ ወ/ሮ ሶፍያ ሓጂ መተዮን መሳ ብህያብ ስለዝሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ወ/ሮ ስልጣና ዓሊ ኣሕመድ ክመሓላለፈ ስለ ደለኹ፣ ዝቃወም ኣንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቐረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለዎ ሰነዳት ጉዳየይ ክውዳእ ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ስልጣና ዓሊ ኣሕመድ

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ መብራህቱ ዑቕባይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጀማል ሓምድ ኣብ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዝተወሰነሎም ገንዘብ ክኸፍልዎ ፍቓደኛ ስለ ዘይኮኑ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ማኪና ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ኣዚዙ፡፡

ቁ/ሰሌዳ ኢ-ኣር 1-1-10520 ቁ/ቻሲ WDB1232231A1712 ማርቸደስ ዝዓይነታ ናይ ገዛ ማኪና ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾነት ራታሙ፡ ብፍርቂ ዋጋ ማለት 5750 (ሓሙሽተ ሽሕን ሸውዓተ ሚእትን ሓምሳን) ናቕፋ ብኩሊላ ተገሚታ፡፡ ስለዚ እዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቐሰ ብሓራጅ ክሽየጥ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ (5) መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ክውዓደረሉ ዝደቐሖ መጠን ገንዘብ ብዘተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቃሚ ሕሳብ ወኪል ሒዙ ብምቕራብ ክውዕደር ይኽእል፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 20/11/25

ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ

ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋብኢያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/67 መጺኡ ክውከስ ይኽእል፡፡

ከም'ኡ'ውን ንብረት ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ቁሸት 2ይ ፊት እንዳ ርብዒ ዞላ ቀያሕ ኮንተይነር ኣብ ጥቓኡ ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል፡፡

ፈጻሚ ፍርዲ

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እፉቅሮ ክቡር ሓውና ሰለሙን ኣፍወርቂ ኪዳ፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓብበርኩምና ተቐማጦ ኦግስበርግን ከባቢኣን ቤተ ክርስትያን መድሃኔኣለም፡ ብፍላይ ካብ ሕማሙ ጀሚሩ ክሳብ መውዓኢታ ክንዲ ስድራ ዝኾንኩምና፡ ሬሳ ዝተቐበልኩምን ክሳብ መጠራ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ከም'ኡ'ውን ኣብ ግዜ ሓዘን ካብ ውሽጢ ዓድን ወጻኢን ብኣካል እናተመላለስኩምን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ፡፡

ኣሕዋቱን ኣሓቱን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ጎደና ዘርኣይ ያቆብ፡ ቁ/ገዛ 11 ብቁ/ምስክር ወረቐት 108826 መወከሲ ቁ126576 ሎታ 116 ፓርቸል A ስፍሓት መሬት 368.00 ት/ሜ 6 ቀንዲ ክፍሊን 5 ተሓጋጋዚት ክፍሊን ዝተደኮና ቪላ ብስም ዓብዩና ነ/ሄርት ሰዕዲ ኣሕመድ እድሪስ ዝተመዝገበ፡ ነ/ሄር ኣቦና ከሊፋ ዓብደልዓለም ሰራጅ ካብ ዓብዩና ብህያብ ዝተቐበሎ፣ ንሕና ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝኾንና፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኒዩሩ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቐረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይና ኣብ ዝምልከቶ ክንውድእ ምኻንና ንሕብር፡፡

ረቂያ መሓመድጃብር ዕስማን +13

---

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ ባኒ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን፡

ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2026 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2026 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት ትምህርቲ ኣሳልይት ነርስ ጊንዳዕን፡ ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርቲ ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም፡፡ (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይወስዱ)

ተማሓርቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

11. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን ስብሒ ዘይብሉ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡

12. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡

13. ተማሓርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንነትን የቕርቡ፡፡

14. ተማሓርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምሶም ርእሶም ቁ/ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡

15. ብቑዓት ተማሓርቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡

16. ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን3 መዓልቲ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 9/45 ቅ/ቀ ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት/ትምህርትን ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ሰዓት 9:45 ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሓርቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን፡ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ክዕዘቡ ዝመጽኡን ኣብ ዝተረኽቡሉ ጨረታ በቲ ዝተገልጸ ዕለትን ሰዓትን ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡

17. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንፍሲ ወከፍ ኣማራሒ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ባንን 20,000.00 ናቕፋ እንቋቑሖ፡ በርበረ፡ ጸባ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን) 10,000 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡

18. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡

19. ተማሓራ ኑቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጓዓዝያ፡ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታላት የቕርብ፡፡

20. ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ

ሳምሶም ርእሶም ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት

ሓደሽ ክትምያ (ልዕሊ ቤተ መዛክር ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ) 3ይ ደርቢ ምጽዋዕ

# ዛዕባ ሎሚ

## ድንቁርና ከም ስልማት

ግርማይ ወልደግዮርጊስ
(መንከኒኖ)
ሚኒስትሪ ቱሪዝም

ቅድሚ ናብቲ ከም ኣርእስቲ ኣልዒለዮ ዘለኹ ጉዳይ ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ ምእታወይ መሰረት ክኾነኒ ኣቐዲመ ኣብዚ ዝስዕብ ኣገራሚ ጥቕስታት ኣቕርብ።

ኣብ 1735 ንግዲ ጊላታት ኣብ ኩብ ዝበለ ደረጃ ኣብ ዝጸዓለሉን ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ትኣትወሉ ዝበረትን ግዜ ዳቪድ ሁም ዝተባህለ እንግሊዛዊ ፈላሳፋን ካህንን፤

"ኔግሮ ( ጸለምቲ) ብተፈጥሮ ትሕቲ ጻዕዱ እዮም። ከምዚ ዝኣመሰለ ሕብሪ ናይ ዘለዎም ሰባት ስልጡን ሃገር ብዓብሪ ይኹን ብኣተሓሳስባ ዛጊት ኣይተረኽቡን። ኣብ መንጎ እዞም ጸለምቲ፣ መሃዝቲ፣ ኣደ ጥበበኛታት፣ ሰዓብበኛታት ወይ ተመራመርቲ ስፍሕጠት ክትረኽብ ዘይሕሰብ'ዩ" በሉ።

ቶማስ ጀፈርሰን ዝተባህለ ንኣመሪካ ካብ ግዝኣት እንግሊዝ ናጻ ንኽትወጽእ ዓቢ እጃም ዘበርከተ፣ ደሓር ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ከም ዓቢ መራሕን ደሞክራስያውን ፖለቲከኛ መራሒ ዝጥቀስ፤ "ጸለምቲ ካብ መበቆሎም ንበሎ ግዜን ኩነታትን ዘጠቓርም ይኹኑ ብዘየገድስ፣ ብኣካላውን ኣእምሮኣውን ተወህቦታቶም ትሕቲ ጻዕዱ'ዮም" ይብል ነበረ። እቲ ዘገርም ጀፈርሰን "ኩሉ ሰብ ማዕረ'ዩ ተፈጢሩ" ኢሉ ዝጀምር ናይ ኣመሪካ ቅዋም ኣብ ምንዳፍ ዓቢ ተራ እተጻወተ ሰብ እዩ።

እቲ ዓቢ ጀርመናዊ ፈላስፋ፣ ሄግል እውን ኣፍሪቃ ከም "ታሪኽን መጻኢን ዘይብላ ዘይትምዕብል፣ ካብ ቁጽጽር ባህሪ ዘይትወጽእ ክፍለ ዓለም'ያ" ኢሉ ይጠቕሳ፣ ንኣፍሪቃውያን ከኣ ልክዕ ከም እንስሳ ዘገዶም (ኣንበሳ-ነብራ-ዝብኢ) "ናይ ዱር ፍጥረታት እዮም" ኢሉ ይኣምን ነይሩ።

ኣንቶኒ ትሮሎፕ ዝተባህለ ወሩይ እንግሊዛዊ ጸሓፊ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ዝጸሓፎ ጽሑፍ፣ "ጸለም ሰብ ሰፍ ብዘለዎ ዓለማዊ ቦታኡ ዘይግደሱ ስምዒታዊ ብንእሽቶ ነገር ዝዋገቡን ንኣብሱ ምሉእ ብምሉእ ዝነፅቐን እዩ። ሓንቲ መዓልቲ ከም ጻዕዳ ሰብ ንኽማሰል ዕድል እንተ ዝወሃቦ ወርሒ ዝኣክል ጾሙ ምሓደረ" ኢሉ ይገልጽ።

ኮፕሊንግ ዝተባህለ ካልእ ደማቒ ባሪዩ (ጸለምቲ) መግዛእቲ ከምዝፍናፍቖ ንምግላጽ " ናይ መርከብ ጊላ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝደረሳ ግጥሚ፣ እቲ ባርያ ገይሩ ዝሓዞ ገጽ ባህርይ ብጡረታ ካብ ስራሕ ምስ ተሰናበተ ከምዚ ይብል፥

"ኣገልግሎተይ ብምረትን ኩርማጅን በሰላን ምሉእ ብምሉእ ተኸፊሉኒ። እዚ ኣገልግሎት እዚ ከመይ ቀጻሊ ዘይምኾነለይ ዝበረ! ሕጂ ግን ነዛ መርከብ እገድፋ ኣለኹ። ኑቲ ኣብ ኣእምሮይን ደመይን ዝሰረጸ ናይ ባርነት ኣገልግሎት ከምዝቁረጽ ዝገበረ ኩርማሞይ፤ በቲ ይኹን በዚ፣ ብሕጂ ዝመጽእ ይምጻእ፣ እንቋዕ ደኣ ክሳብ ሕጂ ምስ ሰባት (ጻዕዱ) ነበርኩን ኣገልጊለኩን።"

ኪፕሊን፣ ጸለምቲ ኩርማጅ ከም ዝፈትውን ብዘይካ ጊላ ኮይንካ ምንባር ካልእ ህይወት ከም ዘይረኣዩምን ከም ዘይናፍቅምን እዩ ክረድእ ፈቲኑ። ክዝከዞም እንከሎ ድማ " ጸሊም ዓሌት ናይ ጻዕዱ ሰከም'ዩ (White man's burden)" ክብል እዩ ድርሰቲ ዝጸሓፈ።

እዚ ካብ መሓቓቕሒ መጻሕፍቲ ህዝባዊ ግንባር ዝረኸብኩዎ ንድንቁርና ከም ብልጫን ስልማትን ዘቕርብ ጽውጽዋያት ቀንዲ ዕላማኡ፣ ዕብየት፣ ዝናን ረብሓን ኢምብራጦርያውያን ንምንላሕ (for Empires sake) ተባሂሉ ዝተመስረሐ እዩ። ልዕሊ ኩሉን ቀንድን ሽቶ ናይዚ ፈጠራዊ ጽውጽዋያት እዚ፣ (ብሓንቲ ወንጭፍ ክልተ ዑፍ ዝምስል) - ክልተ እዩ።

1ይ- ህዝቢ ምዕራባዊ ዓለም፣ ብዘይጋዝም ናይ ሓሶትን ፈጠራን ጽውጽዋያት፣ ርእሱ ተቓዋዊ ልዕልና ዝመጠሰሉ ድንቁርና ከም ባህልን ባህርን ወሲዱ፣ ንብሱ ሓርማዝ ንኸልኦት ከኣ ጸጸ ገይሩ ንኽርኢ እዩ። (white Supremacy)

2ይ- ኑቲ ዝኣመኑሉ ናይ ልዕልነት ድንቁርና፣ ንምዕቃቡን ቀጻሊ ንምግባሩን ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ምሕር ንዕቀትን ጭካነን ከም ዘዘውትሩ ንምግባር'ዩ።

ይኹን ደኣ'ምበር እዚ ጭቆና ንምርጋእ ንድንቁርና ከም ስልማት ተሓቢንካሉ ናይ ምኻድ ዘመን ኣኺሉ ኣብሉ፣ ኣብዚ እዋን እዚ፣ ክትዛረበሉ ይትረፍ ክትሓስቦ እውን ዘሕንኽብን ዘፈንፍንን ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ፣ ጸለምቲ ብቃልሶምን ልቦናኦምን ከም ሰብ ክብሪ ዝረኽቡሉ ደረጃ በጺሖም ደርኪቦ። ንኣብነት ኣብ ሃገር እንግሊዝ ጸለምቲ ብክእለቶምን ብቅዓቶምን ተወዳዲሮም ኣብ ዝለዓለ ስልጣን ደርኪቦ ኣለው። ናይ እንግሊዝ ናይ ምክልኻል ሚኒስተር፣ ብሕብሪ ቀርበት ጸሊም እዩ። ጸሊም ህንዳዊ እውን ቀዳማይ ሚኒስተር ዓዲ እንግሊዝ ኮይኑ ክሰርሕ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ነዚ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣብነታት ከም መጠከሲ ወሲደ፣ ናብቶም ገና ንድንቁርና ከም ስልማት ተኣንጊተሞ ዝኸዱ ዘለዉ መራሕትን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ ክሰግር።

ቀደም ይኹን ሎሚ ንዘኣረገን ንዘይሓረገን ኩነት ንምግላጽ "ዘቤ እኒ-እኒ ሕምባሽ ከሎ እምኒ" እናበልካ ይግለጽ'ዩ። ገለ ኢትዮጵያውያን ፖለቲከኛታትን ምሁራት ኢና በሃልትን ኣብዚ ዘመን'ዚ፣ "ኢትዮጵያ ቅድሚ 3000 ዓመታት ልኡላዊት ሃገር'ያ ነይራ" እናበሉ ናይ ዘቤ እኒ-እኒ. . . ዛንታ ክደጋግሙ ምስማዕ ምስ ምንታይ ክቑጸር ይኽእል፤

"ቀይሕ ባሕሪ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ናይ ኢትዮጵያ እዩ ነይሩ" ይብሉ'ሞ "ርጉጽ'ዩ" ንምባል እዚ ዝስዕብ ኣብነት የቕርቡ። "ፈረስ ራእሲ ኣሉላ ምስ ዝጸምእ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ'ዩ ዝሰቲ ነይሩ" ይብሉ ጥራይ ዘይኮነ ከም ቅቡል ታሪኽ ኣብ መጻሕፍቲ የስፍርዎን ኣብ ናይ ዓለም መጋባእያ ከይሓፈሩ ይምድሩሉን።

በሉ-ስከ! ኣየናይ ፈረስ ዝበሃል ፍጡር'ዩ ጨዋም ማይ ቀይሕ ባሕሪ ዝሰቲ፤ ድንቁርም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘደንቁሩ'ሉ ምኽንያት ድማ፣ ከምቲ ቀደም ጸዕዱ ንህዝቦም ብሓሶት ኣሰኪሮም ዘይትኖ ንክኸውን ዘይዋንኑ፣ ዋንኑ ንኽኑብር ዝቓጽዎ ዝበሩ፣ እዚኣቶም'ውን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሀርፋን ባሕሪ ኣፉ ማይ መሊኡዎ ብኣጉምጃዊ ሕልሚ ከይደቀሰ ንኩሓድርን ኣብዚ ተበጊሱ ድማ "ቱታ" ንኽብልን እዩ።

"ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራ ናጽነት ዝደገፈት፣ እትተሓጋገዘን ጥዕይትን ጎረቤት ክትህልዋ ካብ ምሕሳብ'ዩ። እዚ ካብ ዘይኮነ ግን ኢትዮጵያ ናጽነት ኤርትራ ቀንጢጣ፣ ንኤርትራ ሓንቲ ካብ ክልላት ኢትዮጵያ ክትገብራ ትኽእል'ያ" ዝበሉ ደናቍር ኣይተሳእኑን።

መጀመርያ፣ ብዙሎ ወሀብ ኩነታትን ኣብ መሬት ብዙሎ ሓቅን ናተይ እትብለን ክልላት ዘለዋ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ኣላ ድያ፤ ቀለል ኣቢሎት ኣምሓራን ትግራይን ክንጠቅስ ንኽእል። ካልኣይ ድማ ሃገር ዝበሃል ያኢ ውዕል ክራይ ገዛ ተቐጺሩ፣ ተኻራያይ ኣይተሰማምዓንን ኢልካ "ገዛ ናብ ብዓል ገዛ" ክኑጋዝ፤

ኣብ ኢትዮጵያ "እረቻ" ሓደ ካብ ዓበይቲ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ብዙሕ ኦሮሞ ኮይኑ፣ ኣብ መስከረም ድሕሪ በዓል መስቀል ዝኽበር'ዩ። ሎሚ ዘበን እታ ከም ዘዋሪት ዋንጫ እትቑጸር ስልጣን መንግስትነት ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ደቂ ኦሮሞ ስለዝኾነት፣ ሬጋኦም ኮይኑ ኢትዮጵያ ምልእቲ ኣብ በዓል እዚ ከም በዓላ ወሲዳ ተኣንጊታ ተሸብሺባ ኢላ ከተኽብሮን ክትጸንብሎን በቲ ግዚኣ ስርዓት መምርሒ ተዋሂብዋ። ሓደ ካብቶም ኣብ በዓል እዚ " ዝግበኡ ክብሪ" ንምሃብ ተባሂሉ ኣብ ቅድሚት ዝተሰርዐ ድማ መራኸቢ ብዙሓን እዩ ነይሩ።

ብጋዜጠኛት መራኸቢ ብዙሓን ኣበሎም ኑቲ እረቻ ወከሎም ኣብ ቅድሚ ካሜራ ካብ ዝቐርቡ ዝበሩ ወከልቲ "እረቻ ከም በዓል ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ዓመታት ኣቢሉ ዝበረ ጥንታውን ዝበረኸን በዓል'ዩ" ክብሉ ተኣኪኖም ይደጋገምዎ ነይሮም።

ኣብ 2024 እረቻ ኣብ ዝጽንበለሉ ዝበረ እዋን፣ ኣመሓዳሪ ክልል ኦሮሞ ሽመልስ ኣዱኛ፥

"ንዓመታ (2025) ኣብ ገምገም ባሕሪ ከነብዕሎ ኢና" ምባሉ ዝዘከር ኮይኑ፣ ሎሚ ዓመት'ውን ዓሰብ፣ ቀይሕ ባሕርን ኤርትራን ዝበሉ ቃላት፣ ቀንዲ ቴማ ናይቲ በዓል ክሳብ ዝመስሉ፣ ኩሎም ኣብቲ ጽንበል ዝተሳተፉ መንእሰያት ኦሮሞ፣ ብደርፊ ደዩ ብጨፈራ ቀጺሎሙለ። ብኣረዳድኣኦም ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ዓመታት ኣቢሉ እረቻ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ደብዓል ብምንባሩ'ዩ።

ንምኻኑ፣ ቅድሚ ሓደ ሚልዮን ኣይተዛን'ዶ "እረቻ" ዘብዕል ውዱብ ህዝቢ ክህሉ፣ እቲ ሰብ ዝበሃል ኣብ ከመይ ቁመና ነይሩ፣ ምሁራት ኣንትሮፖሎጂ (ስነ-ሰብ) እንተገለጽዎ ይሓይሽ። እዞም ሰባት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ህዝቢ ኣፍሪቃ ፈልዮም ኣብ ከመይ ዝበለ ታሪኻዊ ቦታ'ዮም ከቐምጥዎ ዝደልዩ ዘለዉ፤ "ድንቁርና ይኣክል! እምቢ ንድንቁርና!" ዝብል ሓይሊ ደዩ ተሳኢኑ፤

ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ንጀነራላት ኣኪቡ፣ "ኣሸብሺብ ምሓዝ ወደብ ዓሰብ እንተ ሰሊጡናን ናብኡ ገጽና እንተተጻጊዕናን ናብቲ ባሕሪ ንምቑት (dive ንምግባር) ተለማሚድኩምን ተዳሊኹምን ጽንሑ" ምስ በሎም፣ ነገሩ ጋን ኮይኑዎም ቀባሕባሕ ዝበሉ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ኣይተሳእኑን። ተግባራት ናይዚ መዓርግ ድንቁርና ዝተሰከመ ምሩኽ ነበር ፊልድ ማርሻል፣ ኑቲ ቀደም ዝነውተቱ ፈላሳፋታት ኤውሮጳ "ኣብ ጫፍ መርፍእ ክንደይ መላእኽቲ ክሰፍሩ ይኽእሉ፤" ብምባል ንዘይክውንነት ቁም ነገር ወሲዶም ግዜኦም ኣብ ክትዕን ጽውጽዋያን ዘሕለፍዎ ዝበሩ ዘቤ ድንቁርና ኣዘኻኸረኒ።

"ጠንቂ ድኽነትን ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ትሑት ተሰማዕነትን ኢትዮጵያ፣ 120 ሚልዮን ሰባት ሒዙ ብዘይ ወደብ ብምህላዋ እዩ። ስለዚ ካብዚ ድኽነት'ዚ ክትገላገል እንተኾይና፣ ናይ ግድን ወደብ ክህልዋ ኣለዎ" ክብሉ ንድንቁርናኦም ብኩሒሊ የደምቕዎ። ደሓር ከኣ ኩለ'ንተን ወደብ ዘይብለን (land locked countries) ሃገራት፣ ብዘይካ እዛ ብድንቁርና ዝተሰለመ ስርዓት እትምራሕ ኢትዮጵያ፣ ካልኦት ጠንቂ ድኽነትና "ወደብ ዘይምህላው'ዩ" ኢለን ኣይፈልጣን። እንተለዋ'ውን ብሰላማዊን ሕጋውን መገዲ መዓልቦ ይገብራሉ። ቀሊል ኣብነት ናይ ኢካዶርን ኮሎምብያን ታሪኽ ምውካስ ይከኣል።

ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ፣ ንታሪኽ (ጽዋ) ናይ ኣርሓ ደርሆ ዝደጋግሙ ዘለዉ ይመስሉ። እዚ ማለት፣ ፈጣሪ ንደርሆ ከም ኩሎም በረርቲ፣ ኣኽናፍ ሂቡዋ። በዘን ኣኽናፋ ኣቢሉ ከም ኩሎም በረርቲ ናብ ዝማእመኦ ብምኻድ፣ ድሉውን ቅሩብን ካብ ዝኾነ ሸሻይ መመረጺ ኑብሱን ደቁን ንኽፀንግል። ደርሆ ግን ብሰሪ ድንቁርናኣ ህበይ መሬት ፋሕቲሩ እንቅዓ ኩዕንቲ ክበልዕ ምስ ተዓዘቦ፣ ብዘይ ናቱ ወህብኦ፣ ካብ በረርካ ጸሕቲርካ ይሓይሽ ክብል፣ ንኣኽናፋ ኣምኪኑዎ። በዚ ድማ ኣብ ኣድ ወዲ ሰብ ወዲቑ ሰብ ዝመጠወሉ ይምገብ፣ ሰብ እንተደልዩዎ ጥራይ ድማ ይነብር። እንተዘይኮነ ይሕረድ። እዚኣቶም ድማ ዝምክሓሉ ሩባ ኣባይ፣ ካልኦት ውሓይዝን ብዱር ዝተሸፈነ ጸጉራም መሬትን እናሃለዎም፣ ከምቲ ደርሆ ክንፉ ሓዲጉ ናይ እንዳምጉ ክቕድሕ ዝደኸዩ ዘይ ባሕርም ክፍደዩ ገና ድኽነት ዝወለዶ ድንቁርና ተቐሪቶም ይገዓዙ ኣለው።

\- - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ኢድኣት |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፍታት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ገሉብ ደሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ጆርታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊታት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ካብ ዘባታት

## ሞያዊ ስልጠናታት፡ ናብ ዝበረኸ ዕብየት ዘወስድ ክእለት



ብስራት ተመስገን

ሞያዊ ስልጠናታት ዓቕምኻን ክእለትካን ኣበሪኽኻ፡ ናብ ዝሓሸ ቀጠባውን ማሕበራውን ዕብየት ዘደፍእ ሓይሊ'ዩ። ብፍላይ ሞያ ዝዓጠቐ መንእሰይ፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓትን ህንጸትን ዘሀልዎ ተራ፡ ቀሊል ኣይኮነን።

ኣብ መንእሰያት ዘተኮረ ሞያዊ ስልጠናታት፡ በብእዋኑ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት'ዩ። ከም መቐጸልታ ናቱ ድማ፡ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ 119 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 208 መንእሰያት ብሞያ ኣሰልጢኑ፡ ኣመሪቑ ኣሎ። ተመረቕቲ ብሸፈሽተ ዓውደ ሞያ ማለት፡ ብኤለክትሮኒክስ፡ ስፖርታዊ ጸጉሪ ርእሲ ደቂ ተባዕትዮን ኣንስትዮን፡ ክንክን ቆርበትን መመላኽዒን፡ ቅዲ ክዳን፡ ቅብኣን ኣልያ ተዋስኦን ዝሰልጠኑ ኮይኖም፡ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ፡ ምስክር ወረቐት ተቐቢሎም።



መንእሰይ ሃብቶም ኪዳን



ኖህ ጎይትኦም

ስልጠንቲ ካብ ሓሙሽተ ምምሕዳር ከባቢታት ዝመጽኡ ክኾኑ ከለዉ፡ ማሕበራዊ ጸገማቶም ተራእዩ ቀዳምነት ዝተዋህቦም ምዃኖም ተፈሊጡ። በዚ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ሞያ ከኣ፡ ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም፡ ፋይናንሳዊ ዕብየቶም ከበርኹ ትጽቢት ይግበረሎም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣመልኪቱ ቃል ዘስመዐ ሓላፊ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ መንእሰይ ፍሊሞን መስፍን፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠና፡ መንእሰያት ብሰንኪ ስእነት ሞያ ናብ ዘዩድሊ ወልፍታት ከይዝንበሉ ንቕሓቶም ንኸዕቢ ዝሑብር ስለ ዝኾነ፡ ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፡ ስልጠንቲ በቲ ዝቐሰምዎ ሞያ እናሰርሑ ሂወቶም ክልውጡን ተወሲኺ ትምህርቲ እናደርዑ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕዎን ተላቢዩ። መንእሰይ ዓንዲ ማእከል ሕብረተሰብን ሃገርን ክኣ ዝኾነ ከኣ፡ ብሞያ ኣሰልጢንካ፡ ኣፍራዩን ሓላፍነታውን ዝኾነሉ መድረኽ ምፍጣር ናይ ኩሉ ወገን ጾር ምዃኑ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣብራ ብወገኑ፡ ብሃማመተኤ ተወዲቡ ንመንእሰያት ዝወሃብ ሞያዊ ስልጠና፡ ኣብ ሕብረተሰብ ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ድሕሪ ምትሕስሳቡ፡ ኑቲ ብዓውለማ ናብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ዘሎ ተክኖሎጂ እናተጠቐሙ፡ ናብ ረብሓኦም ከውዕልዎ ኣዘኻኺሩ።

ወከልተመረቕቲ ድማ፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠና ክወስዱ ንዝተፈጥረሎም ዕድል ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ስልጠናታት ፍልጡቶምን ብቕዓቶምን ንኸበርኹ ዝሕግዞም ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ጸቡቕ ናይ ስራሕ ዕድል ስለ ዝፈጥረሎም፡ ቀጻልነቱ ክቐጽል ተላብዩ።

ኣብቲ ስነ ስርዓት መመረቕታ፡ ብዘተፈላለዩ ደርፍታትን ትልሂትን ክደምቕ ከሎ፡ ብቕዲ ክዳን ዝሰልጠኑ ተመሃሮ ከኣ፡ ኑቲ ባዕላቶም ዘዳለውዎ ክዳውንቲ ለቢሶም፡ ንህዝቢ ምርኢት ኣቕሪቦም። ዕዱማት ኣጋይሽውን ኑቲ ብሰልጠንቲ ዝተዳለወ ምርኢት ቅብኣ ተዓዚቦም።

ወ/ሮ ኑራ ሙሳ፡ መምህር ክንክን ቆርበትን መመላኽዕን'ያ። ንሳ ን47 ደቂ ኣንስትዮ፡ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መመላኽዕን ጥቕምን ጉድኣትን መመላኽዒ ኣመልኪታ፡ ንክልተ ወርሒ ስልጠና ዝሃበት'ያ። መምህር ኑራ፡ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ቈልዑን ኮይና፡ ጎደኒ ጎደኒ ናይ'ቲ ትህቦ ዝነበረት ስልጠና ክንክን ቆርበትን መመላኽዕን ንባዕላ'ውን ትምህርቲ ቅዲ ክዳን ብስሩዕ ተኸታቲላ ክትምረቕን ምስክር ወረቐት ክትሕዝን በቒዓ'ያ።

መምህር ኑራ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ፡ በቲ እናመሃረት በቲ ሓደ ከኣ ቅዲ ክዳን እናተመሃረት'ያ ኑቲ ስልጠና ብዓወት ዛዚማቶ። ንሳ፡ ንምሕደራ ግዜ ኣመልኪታ ክትዛረብ ከላ፡ "ናብራ ሓዳር ቀጻሊ ህላወትካ ዝሓትት'ዩ፡ የግዳ ኑቲ ዘለካ ግዜ መደብ ኣውጺእካ ክትከታተሎ እንተ ክኢልካ፡ ኣብ ዓወት ክትበጽሕ ዘጸግመካ ሃገር የለን። ብወገነይ፡ ነታ ዘላትኒ ግዜ ሳላ ዘመሓደርኩ'ዩ፡ በቲ ክምህር በቲ ሓደ ከኣ ተማሂረ ሞያ ክሕዝ በቒዐ ዘለኹ። ስለዚ፡ ምሕደራ ግዜ፡ ምስጢር ዓወት ናይ ስራሕ ክኑብ ዝኾነ፡ ብፍላይ መንእሰያት ንግዜኦም ብዝግባእ ክጥቀምሉን ከመሓድርዎን እላቦ" ትብል።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ መመላኽዒ ብምሽማት ይጥቀማ እየን። ኩሉ ዝተሰርሐ መመላኽዒ ብፍልጠት እንተ ዘይተጠቒምካሉ ድማ፡ ናብ ነድሪ ቈርበትን ሕዱር ሕማም ቈርበትን ከቃልዓካ ይኽእል'ዩ። እዘን ብክንክን ቆርበትን መመላኽዕን ሰልጢነን ተመሪቐን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ነዚ ጸገማት ክፍውሳ ልዑል ትጽቢት ይግበረለን። መመላኽዒ ቈርበት፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ፡ ብዙሕ ኣታዊ ዝርከበሉ ዓውዲ ሞያ'ዩ። ስለዚ፡ ሰልጢነን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ እኹል ኣታዊ ክረኽባ ዘኽእለን ሞያ ቀሲመን ኣለዋ።

መንእሰይ ሃብቶም ኪዳን ብቕብኣ ዝሰልጠነ'ዩ። ንሱ፡ ተፈጥሮኣዊ ስንክልና ኣካላት ዘለዎ ኮይኑ'ዩ ተወሊዱ። እንተ ኾነ፡ ስንክልና ካብ ድሌቱን ተውህቦኡን ንድሕሪት ከም ዘይተረፈ'ዩ ዝገልጽ። መንእሰይ ሃብቶም፡ ነዚ ስልጠና ክወስድ'ዩ ካብ ዓዲ ጋህዲ ንኡስ ዞባ ማይ ዓይኒ፡ ናብ ከተማ ደቀምሓረ መጺኡ። ምስ ዓቢዩ እናተቐመጠ ከኣ ኑቲ ናይ ሰለስተ ወርሒ ስልጠና ብምጽኑዕ ተኸታቲሉ ብዓወት ዛዚሙዎ። ሃብቶም፡ ኣብ ዓውዲ ቅብኣ ብሳልሳይ ደረጃ ዝፍለጥ ትምህርቲ'ዩ ቀሲሙ። ዛጊት፡ ናብ ዓመት ዝጽጋዕ ትምህርቲ ቅብኣ ቀሲሙ ይርከብ፡ ኑቲ ኣብ ግዜ መመረቕታ ዝተዳለወ ቅጽቢታዊ ውድድር ቅብኣ እውን ክዕወተሉ ክኢሉ።

ቅብኣ ተማስጦ ዝሓትት ዓውዲ ስነ-ጥበብ እዩ። ሓደ መስመር ምስ ሓደ መስመር ብብርዒ ተደሚሮም ኣብ ካንቫስ ምስ ዓለቡ፡ ብሕብሪ ተዓጃቢም ወዛ ዘለዎ መልክዕ ይውንኑ። መንእሰይ ሃብቶም፡ ስንክልናኡ በዓሉ ዝኾነ ክእለት'ዚ ንምውናኑ ወትሩ ኣብ መጽናዕትን ኣብ ደረጃኡ ዘዕበየሉ ስልጠናታትን ምስተጸምደ እዩ። ናይ ኣካል ስንክልና ብኣተሓሳስባን ርእሰ ተኣማንነትን ዝዕቡኣ'ዩ። ስንክልና ኣካላት ዘለዎም ዜጋታት ድማ፡ ተወሃቢም ተሰልዩ ክዕበዩሉ ዝኽእሉ መድረኽ ክፍጠረሎም ይግባእ። መንእሰይ ሃብቶም ኣብ መወዳእታ፡ ኑቲ ብሃማመተኤ ዝዳሎ ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት፡ መንእሰያት ክረብሕሉ ብምልባው፡ ንመምህራንን ኑቲ ዕድል ዝፈጠረ ሃማመተኤን መማርኽቱ ምስጋናኡ ገሊጹ።

ብተዋስኦን ኣልያን ዝሰልጠኑ መንእሰያት፡ ንተዓዘብቲ ናይ ሞኖሎግ ምርኢት ኣቕሪቦም ነይሮም። መምህር ናይ'ዚ ዓውዲ ስነ-ጥበበኛ ኖህ ጎይትኦም ኮይኑ፡ ን14 መንእሰያት'ዩ ንክልተ ወርሒ ስልጠና ሂቡ። እቲ ስልጠና ንቕሓት ተመሃሮ ኣብ ራትዕም፡ ኣቃውማን ብቕዓትን ተዋስኦ ኣብ ዝኣማስሉ መዳያት ዘተኮረ ነይሩ። ስነ-ጥበበኛ ኖህ፡ ንሰልጠንቲ፡ ኣብ ምልባስ ገጸ ባህርያት፡ ዕሙቕ ዝበለ ትምህርቲ ዝሃቦም ኮይኑ፡ ኑቲ ዝመሃሮም ዝገልጽ ተዋስኦ ድማ ኣብቲ ዕለተ መመረቕታ ኣቕሪቦም ነይሮም። ሰልጠንቲ፡ ኣብ ቀጻሊ ፍልጡቶም ዘሐድሱሉ ትምህርቲ ክረኽቡን ኑቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ምንጽብራቕ ድማ መድረኽ ዝረኽቡሉ ኣጋጣሚታት ክፍጠርን ድማ ተላቢዩ።

ስነ ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ደቂ ኣንስትዮ ጥቡብ ዘድልዮ ዓውዲ'ዩ። ንኸም ቀኖ፡ ንቃሾ፡ ምፍሻል፡ ምሕጻብ ጸጉሪ፡ ክንክን ጸጉሪ፡ ባህላውን ዘመናውን ምሻጦ፡ ወዘተ. ዘጠቓለለ ኮይኑ ከኣ፡ ዕምቈ ዝበለ ፍልጠት ዘድልዮ ጥቡበ'ዩ። ነዚ ንሰለስተ ወርሒ ዝቐጸለ ስልጠና ዝሃበት፡ መምህር ሊድያ ሚከኤል ኮይና፡ ን57 ደቂ ኣንስትዮ'ያ ኣሰልጢና። መምህር ሊድያ፡ ስነ ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ጸቡቕ ኣታዊታት ዝርከቦ ዓውዲ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብፍላይ ቀኖ፡ ዓማዊል ሓጊዞ፡ እንትርፎ መስፈን ክእለትን ብዙሕ ባጀት ዘይሓትት ስለ ዝኾነ፡ ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣማራጺ ስራሕ ክጥምታኦ ተላብያ።



መም/ ሊድያ ሚከኤል



መንእሰይ ሑርያ ዑመር

መንእሰይ ሑርያ ዑመር መሓመድ ብዓውዲ ክንክን ቆርበትን መመላኽዕን'ያ ሰልጢና። ንሳ እቲ ንሰለስተ ወርሒ ዝወሰደቶ ስልጠና፡ ኣዝዩ ከም ዝጠቐማ ትምስክር። ንሳ ኣብ'ቲ ስልጠና ብዛዕባ ንቓሾ፡ ዓይነታት ኣዝማልቶ፡ ምምልኻዕ ናይ ቀዳምን ሰንበትን መርዓት፡ ምልጋብ ጽፍርን ካልኣትን ዘጠቓለለ ትምህርቲ ከም ዝቐሰመት ትሕብር። መንእሰይ ሑርያ፡ ቅድሚ ሕጂ ምስ መሓዙታ መመላኽዒ ትጥቀም ምንባራ ብምጥቃስ፡ እዚ ስልጠና ድሕሪ ምውሳዳ ድማ፡ ብዙሕ ጌጋ ትፍጽም ምንባራ ከም እተገንዘበት ትሕብር። ካብ ሕጂ ንደሓር ግን፡ ብዝተዋህባ ስልጠና፡ ብውሕሉል ኣገባብ ንገዛእ ርእሳን መሓዙታን ከተማላኽዕ በቒዓ ከም ዘላ ትገልጽ።

መመላኽዒ፡ ሰኣን ግቡእ ኣፍልጦ፡ ኣብ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ በሰላ ዝገድፍ ዘሎ ጸገማት ኮይኑ፡ ክንክን ቆርበት ተማሂርካ ግን ኑቲ ጸገም ምፍዋሱ ዝከኣል ምዃኑ፡ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ይመኽሩ። ኩሎም ሽየጥትን ዓደግትን ፍርያት መመላኽዒ ድማ፡ ብዛዕባ'ዚ ዓውዲ፡ መሰረታዊ ፍልጠት ክውንኑ ይግባእ።

# ንቓሕ ደበና

ሄለን መኸተ

## ወልፊ

### ወልፊ ጉድለት ዲሲፕሊንዶ ጉድለት ጥዕና?

ሰዓል ዝሓመመ ሰብዶ የደንግጸና ወይስ ብስኽራን ተኻኢሉ ሰንከልከል እናበለ ክኸይድ ዝርኣናዮ? ስለምንታይ?

ወልፊ ክጅመር እንከሎ ብግርህና'ዩ ዝጅመር። ኮተቴ ኣብ ፊልም ወይ ኣብ ከባቢኦም፡ ሽጋራ ወይ መስተ ዝሰትዩ ሰባት ይርእዩ'ሞ፡ ከመይ ከም ዝጥዕም ክፍትንዎ ይደልዩ፣ ዕድል ኣብ ዝረኸቡሉ ግዜ ከኣ ይፍትኑዎ። ገለ ስለ ዝጸልኡዎ ኣይደግምዎን፣ ገለን ከኣ ይቐጽሉዎ'ሞ ይውለፉ። ናይ ወልፊ ዘሎዎም ሰባት ድሕሪ ባይታ ምስ እንሓትት፡ "ከመይ ዝበለ በሊሕ መንእሰይ ይመስለካ፡ እዛ መስተ'ያ ኣጥፊኣቶ እምበር ሓንጐሉ በርቂ እዩ፡" "ኣዝዩ ለዋህ እዩ፣ ዝኾነ ሰብ ክጽገም እንተ ርእዩ እታ ዘላቶ'ዩ ዝህብ። እንታይ'ሞ እዛ ግናይ ወልፊ እንድያ ለኪማቶ፡" "ነዞም ቈልዑ ገዛውቲ ኣኪባ እያ ከተጻውቶም ትውዕል ነይራ፣ ኣዝያ ሕውስትን መስሓቕን እያ ነይራ፣ ንኣኣ ዘይኮና መሓዙት ምስ ገበረት ግን ኣይግድን፡" ... ዝብሉ ዕላላት እዮም ዝጸንሑና። ወልፊ ክትጅምር እንከለኻን ምስ ሓዘካን ክልተ በበይኑ ዓለማት እዩ። ወልፊ ዘሎዎ ሰብን ወልፊ ዘይብሉ ሰብን ንወልፊ ዝህቡዎ መግለጺ'ውን በበይኑ እዩ።

ወልፊ እንታይ'ዩ? ወልፊ ዘይብሉ ሰብ ኣሎዶ? ኩሉ ሰብ ወልፊ ክሕዞ ይኽእልዶ? ሰዓል ዝሓመመ ሰብ ሰዓል ከም ዝሓመመ ቀልጢፉ እዩ ዝርድኦ፣ ወልፊ ዘሎዎ ሰብከ? ሓንሳእ ብወልፊ ዝተታሕዘ ሰብ ኩሉ ግዜ ብወልፊ ክጥቃዕ ይኽእልዶ?

ብዛዕባ ወልፊ ዘሎና እኹል መረዳእታ፡ ወልፊ ከይነማዕብልን ንዘሎና ወልፊ ክንሓድግን ይሕግዘና። ብተወሳኺ ወልፊ ንዘሎዎ ሰብ፡ ብዓይኒ ርህራሀ ንርእዮን ዘድሊ ሓገዝ ክንገብረሉን ይሕግዘና። ብወልፊ ዝሳቐ ሰብ ምስ እንርኢ፡ ንሕና ካብኡ ዝሓሸናን ዝለበምናን ኮይኑ ዝስምዓና ሰባት ብዙሓት ንኸውን ኢና። እንተኾነ፡ ዝኾነ ሰብ ወልፊ ናይ ምምዕባል ድጉል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ኣሎዎ። ወልፊ ልክዕ ከምቲ ካልእ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘሎዎ ባህርያት፡ ብጀነቲካዊ፡ ኣከባብያውን ማሕበራውን ጽልዋታት እዩ ዝምዕብል። ኩሉ ቈልዓ ናይ ምፍላጥ፡ ምድህሳስን ዝርኣዮ ነገር ናይ ምፍታንን



ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ኣሎዎ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ብወለዲ፡ መምህራንን ኮምን ተማእዚኑ ምስ ዝዓቢ፡ ወልፊ ይኹን ካልእ ኣሉታዊ ባህርያት ከዕቢ ዘሎዎ ተኽእሎ ክጎድል ይኽእል።

ኩሉ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይ ወልፊ፡ ንኣከባቢ ከነምኽንየሉ ኣይንኽእል ኢና። ምኽንያቱ፡ ኣብ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሎዎ ከባቢ ዝዓበዩ ግን ወልፊ ዘየማዕብሉ ሰባት ኣለዉ።

ስለዚ ወልፊ፡ ናይ 'ኣበይ ዓቢኻ' ጥራይ ዘይኮነ ናይ 'ብኸመይ ዓቢኻ' ነጸብራቕ እዩ። ቈልዓን ኮተቴን፡ ናይ ምፍታን ምፍላጥን ባህጎም ከይቈጸኻ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘሎዎ ጽልዋታት ከለልዩሉን ነብሶም ክገትኡን ዘኽእል ክእለት ከማዕብሉ እንተ ሓጊዝናዮም፡ ካብ ወልፊ ብመረዳእታ ክርሕቁ ይኽእሉ። ምናልባት ኣብ ግዜ ቍልዕነትን ኮትትናን ጽዑቕ ምክትታል ወለዲ ስለ ዝነበርካ፡ ካብ ወልፊ ርሒቕም ይጸንሑ ይኾኑ። ብመረዳእታ ምስ ዘይስነ ግን እኹላት ሰባት ምስ ኮኑ ወልፊ ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ወልፊ ካብ ብጽዑቕ ምክትታልን ሓይልን ብመረዳእታን፡ ናይ ነብሰ ግትኣት ክእለታት ብምኹስኳስ ከነወግዶ ይመረጽ። ናብ ወልፊ ዘምርሕ ባህግታትን ኣተሓሳስባታትን ኣብ ኩሉ ሰብ ንረኽቦ ኢና። ዝበዝሑ ኮተቴ፡ ሽጋራ ምትካኽ ክጅመሩ እንከለዉ ብጽልዋ ዓርከ መሓዛ ምዃኑ ይነግሩ። ዓርከ መሓዛኡ ክፈትዎ ዘይደሊ ኮተቴ ኣሎ ኩብሃል ከኣ ኣይከእልን። ስለዚ ወልፊ ዘማዕበሉ ሰባት ዝተፈልየ ባህግን ኣተሓሳስባን ዘሎዎም ዘይኮኑ፡ ጽልዋ ናይ ምጽዋርን ነብሰ ግትኣትን ክእለት ስለ ዘይጸንሖምን እዩ።

ኣብ ዓውዲ ስነ ልቦና፡ ወልፊ ከም ሕማም ኣእምሮ እዩ ዝግለጽ። ወልፊ ብልክዕ ክትገጽ'ኳ ኣጸጋሚ እንተኾነ፡ ልክዕ ከም ካልእ ሕማማት፡ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ባህርያውን ምልክታት ኣሎዎ። ምልክታት ወልፊ ምስ ምልክታት ካልእ ሕማማት ዘመሳስል ስለ ዘሎዎ፡ ነዚ ምልክታት ርእዩና ውልፊ ኣሎዎ ኢልና'ኳ እንተ ዘይደምደምና፡ ካብዚ እንዝርዝሮ ምልክታት ብብዝሒ ምስ ዝርኣዩና ዕቱብ ኣቓልቦ ክንገር ይግባእ።

## ምልክታት ወልፊ

**ኣብ ኣካላት ዝርአ ምልክታት**

- ክብደት ምውሳኽ ወይ ምንካይ - ወልፊ ካብ ዘይንቡር ኣጠቓቕማ ነገራት ወይ ስምዒታት ዝብገስ እዩ። ስለዚ፡ እዚ ዘይንቡር ኩነት፡ ነቲ ኣካላትና ክኽተሎ ዝጸንሐ ስርዓት ብምርባሽ፡ ዘይንቡር ምልክታት ኣብ ኣካላትና ከም ዝርአ ክገብር ይኽእል። ዝተፈላለየ ወልፍታት ዝተፈላለየ ኣካላዊ ምልክታት የርኢ። ንኣብነት፡ ወልፊ ምብላዕ ዘሎዎ ሰብ፡ ክብደት ሰብነት ክውስኽ እንከሎ፡ ናይ ዕጸ ፋርስ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ወልፊ ዘሎዎ ከኣ ክብደት ክቕንስ ይኽእል። ክብደት ምቕናስ ወይ ምውሳኽ ምስቲ ተወለፍናዮ ዘለና ነገር ብቐጥታ ዝተኣሳሰር ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ወልፍና ንስርዓተ ምድቃስና እንተ ጸልዩ፡ ስርዓተ ምድቃስና ከኣ ንሸውሃትና ብምጽላው ኣካላዊ ሳዕቤን ክኸትል ይኽእል።
- ናይ ድቃስ ጸገም - ወልፊ ምስ ኣብ ሓንጐልና ዝነዝዑ ከሚካላት ልዑል ምትእስሳራት ኣሎዎ። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ወልፍና ምስ እንስእን ስምዒታውን ኣእምሮኣውን ለውጥታት ዝርኣየና። እዚ ጽላዋታት ናይ ከሚካላት ከኣ ንስርዓተ ድቃስና ክዝናብል ይኽእል።
- ሕማም ርእሲ - ዝኾነ ወልፊ ዘሎዎ ሰብ እቲ ዝተወለፎ ነገር ብቐረባ ምስ ዘይረኽቦ፡ ቀዳማይ ዝብሎ "ርእሰይ ሓሚመ" እዩ። እዚ'ውን ምስቲ ብሰሪ ወልፊ ዝጽሎ ስርዓተ ምንዛዕ ከሚካላት ዝሰዕብ ሳዕቤን እዩ። ወልፍና ምስ ንስእን፡ ርእስና ጽርውርው ክብለና ወይ ልዑል ቃንዛ ርእሲ ክስማዓና ይኽእል።

**ኣብ ባህርያት ዝርአ ምልክታት**

- ካብ ህሉው ኩነታት ወይ ብድሆ ክትሃድም ምድላይ - ኣብ ጽንኩር ኩነታት እንከለኻ ኣብ ቅድሚ ዓይናኻ ቅጅል ዝብለካ ባህግታት ክህሉ ንቡር እዩ። ኩሉ ግዜ ነገራት ምስ ጸንከሩ፡ ናብ ልምዲ ወይ ንጥፈት ንኳየ ምስ ንኸውን ግን ወልፊ ከይከውን ምፍታሽ የድሊ። ንግሆ ርእስና ምስ ዘሕምመና ቡን፡ ኣብ ስራሕ ተገራጪና ናብ መስተ፡ ኣብ ሓዳርና ተኻሪና ናብ ዕዳጋ፡ ... ከይድና ስምዒታትና ምስ እነፋኹሱ፡ ኣብቲ ንጥፈት ወይ ነገር ተመርኲስና ኣለና ማለት እዩ። ኣብ ዝቐጽል ግዜ እቲ ኩነት ምስ ዘጋጥም ብዘይ'ቲ ተወሊፍናዮ ዘለና ነገር ስምዒትና ከነፋኹስ ኣይከኣልን እዩ።
- ትሑት ነብሰ ክብሪ - ዓቢ ሞያ፡ ርጉእ ስድራቤት፡ እኹል ጸጋ፡ ወዘተ ዘሎዎም ግን ብወልፊ ዝሳቐዩ ምስ ርኣና ንግረም ኢና። እቲ ዝተወለፉዎ ነገር ምስ ዝስእኑ ዘርእዩዎ ባህርን ወልፎም ንነብሰ ክብሮም ዝትክም ምዃኑ እናፈለጡ ክቕልዎን ከኣ ንዕዘብ ኢና። እቲ ምኽንያት፡ ኣእምሮና ነቲ ዝተወለፍናዮ ነገር ንምድላይ፡ ናይ ምሕሳብን ምስትንታንን ብቕዓቱ ስለ ዝጎስዮ እዩ።
- ምንጻል - ወልፊ ኣብ ሕብረተሰብ ቅቡል ኣይኮነ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ወልፊ ዘሎዎም ሰባት ካብ ከባቢኦም ዝርከብ ሰብ ክንጸሉ ንርእዮም ኢና። ኣብ ከባቢኦም ዝረከብ ሰብ ክርድኦም፡ ክሓልየሎምን ክሕግዞም ምስ ዘይክእል ከኣ፡ እቲ ናይ ምንጻል ባህሪ እናዓበየ ብምኻድ ክሳዕ ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ፈተነታት ከካይዱ ይኽእሉ።

**ኣብ ስምዒት ዝርአ ምልክታት**

- ምቕይያር ስምዒታት - ወልፊ ዘሎዎም ሰባት ብተደጋጋሚ ስሚዕታቶም ክቀያየርን ልክዕ ከም ቈልዓ ዝተወለፍዎ ነገር ምስ ዝረኽቡ ክቕጥዑ፡ ምስ ረኸቡዎ ከኣ ንእለታ ናብ ንቡር ክምለሱን ይርኣዩ።
- ስምዒታዊ ዘይርጉእነት - ወልፊ ዘሎዎ ሰብ ዝበዝሐ ግዜ ርቡጽ ስምዒት የጸባርቕ። ወልፉ ከርውየሉ ዝኽእል ኩነታት ምስ ዘይርከብ ከኣ ከከም ደረጃኡ ተርባጹን ዘይርጉእነቱን ክልዕል ይኽእል።
- ክቱር ህርፋን ናይ ፍስሃ - ወልፊ ዘሎዎ ሰብ ወልፊ ዘውርየሉ ባይታ ምስ ዝስእን ልክዕ ከም ኣብ ኣፍ ሞት ዘሎ'ዩ ዝርበጽን ዝጭነቕን። ካብዚ ኣጨናቒ ኩነታት ብቕልጡፍ ንምእላይ፡ ዝኾነ ዋጋ ከፊሉ ወልፉ ክረክብ ይጽዕር። እቲ ወልፊ ምስ ረኸበ ዝስምዖ ናይ ፍስሃ ስምዒት ኣዝዩ ስለ ዝፈትዎ፡ ብተደጋጋሚ ክናድዮን ክተግብሮን ይርአ። በዚ ምኽንያት ከኣ ምስ ወልፉ ዘሎ ዝምድና በቲ'ኹ ካብ ወልፉ ክገላገል ዘሎ ዕድል እናጸበበ ይኸይድ።

**ኣብ ብቕዓት ኣእምሮ ዝርአ ምልክታት**

- ናይ ኣድህቦ ጸገማት - ወልፊ ዘሎዎም ሰባት እቲ ዝተወለፉዎ ነገር ምስ ዘይረኽቡ፡ ልክዕ ከም ነዳዲ ዘወደአት መኪና ኣእምሮኦም ክንቀሳቐስ ኣይክእልን እዩ። እቲ ቀንዲ ዝህሰ ክፋል ከኣ ናይ ኣድህቦ ብቕዓት እዩ። ወልፊ ስምዒት ህዋሳትና ዋላ እናሰርሐ ኣድህቦ ስለ ዝጎድል፡ እናሰምዑ ከም ዘይሰምዑ እናርኣዩ ከም ዘይርኣዩ ክኾኑ ይኽእሉ።
- ብግቡእ ክትሓስብ ዘይምኽኣል - ትሑት ኣድህቦ ምስ ዝህሉ፡ ትሑት ናይ ምሕሳብን ምስትውዓልን ክእለት ከም ዝህሉ ርዱእ ኮይኑ፡ ወልፊ ዘሎዎም ሰባት ዘወለፎን ዘሎ ነገር ምስ ዘይረኽቡ ናይ ምሕሳብ ብቕዓቶም'ውን ይንኪ እዩ። ኣእምሮ ብዛዕባ እቲ ተወሊፉዎ ዘሎ ነገር ክሓስብ፡ ነቲ ቀንዲ ክሕሰበሉ ዝግባእ ጉዳይ ክጉስዮ ይኽእል እዩ።
- ናይ ምስርሳዕ ጸገማት - ኣእምሮና ብግቡእ ዘይሰነዶ ሓበሬታ፡ ኣብ ዘድልዮ ግዜ ክዝክር ኣይክእልን እዩ። ናይ ኣድህቦን ምሕሳብን ብቕዓትና ምስ ዝንኪ፡ ናይ ምዝካር ክእለና'ውን ክንኪ ግድን እዩ። ብሰንኪ ወልፊ ግዜያዊ ናይ ምርሳዕ ምልክታት ክርአ ይኽእል እዩ። ወልፊና ብኣጋኡ ጥዕናዊ ረድኤት ምስ ዘይረክብ ከኣ እቲ ኣብ ግዜ እርጋን ዝርአ ናይ ኣልዛይመርስ (ሕማም ረሲዕ) ተርእዮ ከቓላጥፎ ይኽእል እዩ።

**ካብ ሓቂ ዝረሓቑ እምነታት ብዛዕባ ወልፊ**

1. ወልፊ ድኽመት ናይ ሞራል ወይ ስነ-ምግባር እዩ፣
2. ወልፊ ምርጫ እዩ፣
3. ወልፊ ኣብ ዝደለናዮ ግዜ ከተቋርጾ ይከኣል እዩ፣
4. ወልፊ ዘሎዎም ሰባት ውሑዳት እዮም፣
5. ወልፊ ናይ ነገራት ጥራይ እዩ (ማለት ናይ ሽጋራ፡ መስተን ዕጸ ፋርስን)፣
6. ወልፊ ዘሎዎ ሰብ ግዙእ ናይ ወልፉ እዩ፣
7. ወልፊ ኣብ ሓደ ግዜ ወይ ኣብ ቀዳማይ ተበግሶ ክቋረጽ ዝኽእል'ዩ፣
8. ውሱናት ሰባት፡ ማለት እቶም ዘይቅሱናትን ዝተጨነቑን ጥራይ እዮም ናብ ወልፊ ዝቓልዑ፣
9. እቶም ናይ ወልፊ ሓያል ቀመማት ዘለዎም (ዕጸፋርስ፡ ሽጋራ፡ መስተን...) ጥራይ'ዩ ኣወላፊ፣
10. ወልፊ ንምቁራጽ ወይ ንምቍጽጻር ተበግሶ ጥራይ'ዩ ዘድሊ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ንዓበይቲ ትካላት ነዳዲ ሩስያ ዕላማ ዝገበረ እገዳ ኣጽዲቑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ጥሪ ንኻልኣይ ግዜኡ ናብ ስልጣን ካብ ዝምለስ ንደሓር፡ ኣንጻር ፈደረሽን ሩስያ ዝቐንዐ ናይ መጀመርያ እገዳ ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ፈደረሽን ሩስያ በይንዎ ዘሎ ሓዱሽ እገዱ፡ እታ ሃገር ኣብ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ኩናት ደው ኣብ ምባል ዕቱብ ተወፋይነት ብዘይምርኣያ ዝሰዓበ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ስኮት ቤሰንት፡ እቲ እገዳ ንኽልተ ዓበይቲ ኩባንያታት ነዳዲ ሩስያ ማለት፡ ንሉክኣይልን ሮዝነፍትን ዕላማ ዝገበረ ምዃኑ ኣፍሊጦም።

ስኮት ቤሰንት ወሲኾም፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ጽላት ጸዓት ሩስያ ተኣቢሩ ዘሎ እገዳ፡ ኣብ ምድኻም ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ተራ ከም ዝህልዎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ዓመት ኣቕጺሉ ዘሎ ኩናት ዩክሬን ክትቅጽሎ እንተ ወሲና፡ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ተወሳኺ ስጉምትታት ክወስደላ ድሉው ምዃኑ ኣጠንቂቑ።



ፈደረሽን ሩስያ፡ ብዛዕባ እቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ኩባንያታት ነዳዳ ዘጽደቐቶ እገዳ ኣመልኪታ ክሳብ ሕጂ ዝሃበቶ ምላሽ ኣይሃበትን ዘላ።

ኩባንያ ነዳዲ ሮዝነፍት፡ ኣብ ሩስያ ካልኣይ ዝዓበየ ኩባንያ ነዳዲ ኮይኑ፡ ብሰንኪ ኣብ ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ዘጋጠሞ ምንቅልቃል ዋጋ ነዳድን ተኸታታሊ እገዳታትን፡ ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ ናይ 2025፡ ጽሩይ እቶቱ ብ68 ሚእታዊት ከም ዝጎደለ ምንጭታት ይሕብሩ።

## ሃገራዊ ዕዳ ኣመሪካ 38 ትሪልዮን ዶላር በጺሑ

ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ መንጎ ወጻኢታትን ኣታዊታትን መንግስቲ ዘሎ ፍልልያት እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ሃገራዊ ዕዳ ናይ'ታ ሃገር ልዕሊ 38 ትሪልዮን ዶላር ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ንህሉው ዕዳ ናይ'ታ ሃገር ኣመልኪቱ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ዕዳ ኣመሪካ 38,019,813,000,000 ዶላር ከም ዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ እዚ መጠን ኣሃዝ እዚ ከኣ ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይ'ታ ሃገር ክምቀል ከሎ፡ ብገምጋም 111 ሽሕ ዶላር ዕዳ ከም ዝበጽሐ ኣፍሊጡ።

ብዚ ድማ፡ ክኢላታት ስነ ቁጠባ ኣመሪካ፡ ሃገርም እትኽተሎ ዘላ መስመር ቁጠባዊ ብልጽግና ዘላቒ ከም ዘይኮነ ኣጠንቂቖም ኣለው።

ዘይወገናዊ ቤት ጽሕፈት ባጀት ታሕተዋይ ባይቶ ኣመሪካ፡ ብሰንኪ ፕረዚደንት ትራምፕ ዘተኣታተዎ ወሰኽ መጠን ቀረጽ፡ ሃገራዊ ዕዳ ኣመሪካ ክሳብ 2047 ዓ.ም፡ 200 ሚእታዊት ዘቤታዊ ጃምላዊ እቶት ናይ'ታ ሃገር ክበጽሕ ከም ዝኽእል ይእምት።



## ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ሓድሽ እገዳ ኣጽዲቑ



ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ህንድን ቻይናን ንዝርከቡ ናይ ፈደረሽን ሩስያ ትካላት ንግዲ፡ ጥሕኒታት፡ ከምኡ'ውን ዲፕሎማስያታት ሞስኮ ዒላማ ዝገበረ መበል 19 ዙርያ እገዳ ከም ዘጽደቐ፡ ሓላፊት ፖሊሲ ወጻኢ ናይ'ቲ ሕብረት ካያ ካላስ ሓቢራ።

ሞስኮ ብወገና፡ ሃገራት ምዕራብ ኩናት ዩክሬን ክናዋሕ ካብ ዘለወን ድሌት ተበጊሰን፡ ኣብ ልዕሊኣ ጸቕጢ ንምፍጣር ዘኪይዳኦ ዘለዋ ፈተነታት፡ "ተመሊሱ ንዓኣተን ዝጎድእ ክኸውን ጸዕሪ እዩ" ክትብል ገሊጻቶ ኣላ።

ሕብረት ኤውሮጳ ኣንጻር ፈደረሽን ሩስያ ዝቐንዐ መበል 18 ዙርያ እገዳ ዝሓለፈ ሓምለ ከጽድቕ እንከሎ፡ መበል 20 ዙርያ እገዳ ንምጽዳቕ ከኣ ድሮ ኣብ ምስርሕ ምንባሩ በጺሑ ከም ዘሎ፡ ምስቲ ጉዳይ ቀረባት ዝኾኑ ሰበ ስልጣን ገሊጾም።

ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ምእላይ ኩናት ዩክሬን-ፈደረሽን ሩስያን ዝኽተሎ ዘሎ ሜላ ሓደ ካብ'ቶም ኣብዚ እዋን ወሳኒ ዘይምስምማዕ ዝፈጥሩ ዘለዉ ዝዓበዩ ዛዕባታት ኮይኑ ከም ዘሎ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ህሉው ተግባራት ናይ'ቲ ሕብረት ዝቃወማ ዘለዋ ከም ሃንጋሪን ስሎቫክያን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤውሮጳ ኩናት ዩክሬን-ሩስያ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሃገራት ናይ'ቲ ሕብረት ዘስዕቦ ዘሎ ጉድኣት ክቃለል እንተ ድኣ ኮይኑ፡ እተን ሃገራት ውሳኔ ቅድሚ ምሕላፈን ኣብ ኑሓድሕደን ክደማመጻ ጸዊዐም።

## ታይላንድን ካምቦድያን፡ ኣብ ስምምዕ ሰላም እወታዊ ገስጋስ የርእያ ከም ዘለዋ ተሓቢሩ

ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ መንጎ ታይላንድን ካምቦድያን ዝተኻየደ ዝርርብ ሰላም፡ ጽቡቕ ገስጋስ ከም ዘርኣየ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ታይላንድ ናትታፎን ናርንክፋኒት ትማሊ ሓሙስ ሓቢሩ።

ሰበ ስልጣን ታይላንድን ካምቦድያን፡ እቲ ዝሓለፈ ሓምለ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝተወልዐ ዶባዊ ግጭት ንምህዳእ፡ ንሰሙን መመላእታ ሓቢርም ከም ዝሰርሑ ተገሊጹ ኣሎ።



በቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ንሓሙሽተ መዓልታት ዝቐጸለን፡ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተታት ዓመታት ካብ ዝተራእየ ረጽሚታት እቲ ዝኸፍአ ምንባሩ ዝተገለጸሉን ዶባዊ ግጭት፡ ብውሕዱ 48 ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ ኣማኢት ኣሽሓት ዜጋታት ክልቲኤን ሃገራት ከኣ ግዚያዊ ምምዛብል ከም ዘጋጠሞም፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ተኸሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ክልቲኤን ሃገራት፡ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝሓለፈ 28 ሓምለ ኣብ ማሌዥያ ምኽታሙ ይዝከር።

ክልቲኤን ሃገራት፡ ኣብ ዶባተን ዘሎ ከበድቲ ኣጽዋር ክስሕባ፡ ሓባራዊ ኣገባብ ስርሒት ምምሃን ተፈንጀርቲ ክካየዱ ከምኡ ከኣ ንሳይበራዊ መጥቃዕትታትን ካልእን ዝምክት ሓባራዊ ሓይሊ ዕማም ክቖማ ከኣ ተሰማሚዐን ምህላወን፡ ሚኒስተር ናትታፎን ናርንክፋኒት ወሲኹ ሓቢሩ።

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስተር ምክልኻልን ካምቦድያ ቲ ሰይሃ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ድማ፡ እቶም ድሮ ተበጺሖም ዘለው ስምምዓት፡ ናብቲ ዝመጽእ ሰንበት ኣብ ከተማ ኩዋላ ላምፑር - ርእሲ ከተማ ማሌዥያ ክኽተም ትጽበ ዝኾነት ዘሎ ስምምዕ ሰላም ዝመርሕ ኣገዳሲ ምዕባለ ምዃኑ ገሊጹ።

## ቱኒዝያን ሊብያን ቁጠባዊ ምትሕግጋዘን ንምዕማቕ ተሰማሚዐን

ቀዳመይቲ ሚኒስትር ቱኒዝያ ሳራ ዛፍራኒ ዘንዚሪ ምስ ኣብ ከተማ ቱኒዝ ምብጻሕ ዘካየደ ሚኒስትር ቁጠባን ንግድን ሊብያ መሓመድ ኣልሁዌጅ ብምርኻብ፡ ክልቲኤን ሃገራት ቁጠባውን ንግዳውን ምትሕብባረን ንምዕማቕ ዘለዎም ተወፋይነት ደጊሞም ከም ዘረጋገጹ፡ መንግስቲ ቱኒዝያ ሓቢሩ።

ኣብቲ ዝርርብ፡ ክልቲኦም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ትሪፖሊ ዝተኻየደ ኣኼባ ሓባራዊ ኮሚሽን ንግዲ ቱኒዝያን ሊብያን ከም ዝገምገሙ እውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ቀዳመይቲ ሚኒስትር ሳራ ዘንዚሪ ቱኒዝያ ምስ ሊብያ ዘለዋ ንግዳዊ ዝምድናታት ንምዕባዩ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ክልቲኤን ጎረባብቲ ሃገራት ቁጠባዊ ወሃደት ንምፍጣር ዘለዋ ተወፋይነት ኣረጋጊጻ።

ሚኒስተር መሓመድ ኣልሁዌጅ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ስሉጥ ዋሕዚ ንግዲ ንኽህሉ ወሀድ መስክዊ ኣየ[ር] ጸዊዑ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃሊያ | 24/10/2025 | ጎደና ሰኸይቲ ቁ. 84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃሊያ | 110680 |
| ፋርማሲ ሪሻም | | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስማር (ጎዳይፍ) | 181048 |
| ፋርማሲ ሰላማዊ | | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሞዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services